

መበል 36 ዓመት ቁ.55 ሰሉስ 3 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 7 ገጽ 10 ገጽ 11

ቆጸራ ሓበሻ

ምልክታ ሕማም
ከረጺት
ሓሞት
ዘለዓዕሉ

...

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ
ኣየር ኤርትራ ተዛዚሙ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሩስያ ዝገበሮ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ ተመሊሱ
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡
ካብ 27 ጥቅምቲ ኣብ ፈደረሽን
ሩስያ ክገብሮ ዝቐነየ ናይ ስራሕ
ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ ሰዓት 2፡00
ወጋሕታ ተመሊሱ።

ኣብ ሞስኮ ኣብ ዝጸንሓለን
መዓልታት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡
ብ28ን 29ን ጥቅምቲ ኣብ
ዝተቓነዐ ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ
ሃገራት ኣፍሪቃን ሩስያን ኣብ
ርእሲ ምስታፉ፡ ምስ ፕረዚደንት
ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡
ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን

ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳያትን
ምዕባለታትን ተዘራሪቡ።

ኣብ’ቲ ብ30 ጥቅምቲ ዝተገብረ
ርክብ፡ ኤርትራን ሩስያን
ዝምድናታተን ብዝበለጸ ንምምዕባል፡
ኣብ ጽላታት ጸዓት፡ ቴክኖሎጂ፡
ዕደና፡ ሕርሻን ውሕስነት መግብን
ምትሕብባረን ከዕዝዛ ተረዳዲአን።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሩስያን
ኤርትራን ኣብ ሓያሎ ኣገደስቲ
ጉዳያት ተመሳሳሊ መርገጺ
ከምዘለወን ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ
መድረኻት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ንሩስያ ንእትገብሮ ደገፍ ኣመስጊኑ።
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
ብዘይካ’ዚ፡ ምስ ሚኒስተር መጐዓዝያ -
ያድሮቭ ዲሚትሪ ቪክቶሮቪች፡ ኣብ
ክልተኣዊ ምትሕብባር ብሓፈሻ ኣብ
ጽላት መጐዓዝያን ትሕተ-ቕርጹን
ድማ ብቐንዱ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡
ኩባንያታት ሩስያ ኣጥርየንኦ ብዘለዋ
ዓቕሚ፡ ምስ ኤርትራ ክተሓጋገዛ
ንዘሎ ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ
ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት
ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ
ነይሩ።

ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣውስትራልያን ዝነብሩ

ዜጋታት፡ ድሉውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣረጋጊጾም
ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን
ኣውስትራልያን ዝነብሩ ዜጋታት፡
ብ31 ጥቅምቲ ኣብ ዘካየድዎ
ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ሓድነቶም
ኣትሪሮምን ውዳበታቶም
ኣሓዪሎምን ንዝበረኸ መኸተ
ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።
ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ

ንነበርቲ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን
ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር፡
ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ መሓመድ
ማሕሙድ ሰሊምን ሓላፊ
ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ
ተስፉ ገብረትንሳኤን፡ ኣብ ህሉው
ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን
ዓለማውን ምዕባለታት ዘተኰረ

ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ልዕሊ
ልኡላውነት ኤርትራ ንዝካየድ
ተጻብኦታት ብትሪ ብምኹናን፡
ኣብ ዝካየድ ናይ መኸተ መደባት
ካብ’ኣቶም ዝሕተት ከምዘማልኡ
ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡
ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ
ሲድኒ - ኣውስትራልያ ኣብ

ዝወደብዎ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ጠቕላሊ
ቈንስል ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃምን
ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት
ኣቶ ያሲን ዑመርን፡ ኣብ ሃገራዊ
መድረኻዊ ተልእኾ ኣተኲሮም
መግለጺ ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ “ብዘይ ሃገር
ክብረት የለን!” ብምባል፡ ካብኦም
ዝሕተት ከምዘማልኡ ኣረጋጊጾም።

እዚ ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት
ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት
ኣውስትራልያ ዝተጀመረ ናይ
መኸተ ሰሚናራት፡ ኣብ ኩለን
ከተማታት ኣውስትራልያን
ኒውዚላድን ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ
ዝበጽሓና ሓበሬታ የነጽር።

ዓንሰባ - ሃገራዊ ክብርታት ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ ብውህደት ክስራሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ተመሃሮ ብሃገራዊ ክብርታት
ተዀስኲሶም ኣብ ትምህርቶም
ዕቱባት ንክዀኑ ብውህደት ክስራሕ
ከምዘድሊ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት
ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ምሉእ
ተስፋማርያም ኣዘኻኺሩ።

ብምውህሃድ ቤት-ጽሕፈት
ህግደፍን ሃገራዊ ማሕበር
መንእሰያትን ተመሃሮን ጨንፈር ዞባ
ዓንሰባን ተወዲቡ፡ ካብ 27 ክሳብ 29

ጥቅምቲ ኣብ ከረን ንተመሃሮ ካልኣይ
ደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ኣስተምህሮ፡
ኣቶ ምሉእ፡ ንባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡
ታሪኻውን ፖለቲካውን ድሕረ-
ባይታ ህዝቢ ኤርትራ ብምብራህ፡
ተመሃሮ መንነቶም ከለልዩን ከጽንዑን
ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ
ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ብወገኑ፡
ትምህርቲ ዓንዲ ልምዓትን መኸተን

ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ -
በላሕቲ ተመራመርትን ብቑዓት
ወረስቲ ሕድሪን ብምዃን፡
ብልጽግቲ ሃገር ንምርግጋጽ
ዕዙዝ እጃም ከበርክቱ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡
በብእዋኑ ዝወሃብ ሰሚናራትን
ኣስተምህሮታትን ኣፍልጦኦም
ዘዕቢ ስለዝኾነ፡ ብቐጻሊ
ክውደብ ተማሕጺኖም።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ተሰነይ - ጽጉማት ስድራቤታት ብጥሪት ተጣይሶም

ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ ስዉራን ኤርትራ፡ 6ይ ሓፈሻዊ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ
ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ ስዉራን
ኤርትራ፡ “ኣብ ውሽጢ ጸልማት ብርሃን
ንፍጠር’’ ብዝብል ቴማ፡ ብ31 ጥቅምትን
1 ሕዳርን ኣብ ኣስመራ 6ይ ሓፈሻዊ
ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣብ’ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም
ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን
ግንባርን ዝተረኽቡሉ ጉባኤ፡ ምኽትል
ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ዳዊት ሰለሙን
ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣባላት ማሕበር
ኣፍረቲ ንክዀኑ፡ መጠነ ንኡስ ፋይናንሳዊ
ደገፍ ብምግባር ኣብ ሕርሻዊ፡ ንግዳዊን
ካልእ ዝመረጽዎ ንጥፈትን ንኽዋፈሩን
ዓቕሞም ንምዕባይን ኣተባባዒ ስራሕ
ከምእተሰላሰለ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ
ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረትኣብ
ፍስሃየ ብወገኑ፡ ዓይነ ስዉራን ተጠቀምቲ
ምዕሩይ ኣገልግሎት ንክኾኑ ምስ
መሻርኽቲ ዝካየድ ንጥፈታት ክሕይል፣
ተሳትፎን ኣበርክቶን ናይ ኩሉ ዜጋ ድማ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን
ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብ28 ጥቅምቲ
ንጽጉማት ስድራ-ቤታት ብጥሪት
ኣጣዪሱ።

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ
ሚኪኤለ ገብረስላሴ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ
ሓበሬታ፡ መስርሕ ምጥያስ ጽጉማት
ወገናት ኣብ ገጻት ተኸፋፊሉ ይካየድ
ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ’ዚ ናይ ሕጂ
መደብ፡ 8 ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን
ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ፡ ከም ምርጫአን
ብጤለ-በጊዕ ከምእተጣየሳ ገሊጹ።

ኣቐዲመን’ውን ሸሞንተ ጽጉማት
ስድራቤታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ተጣዪሰን
ምንባረን፡ ኣቶ ሚኪኤለ ኣረዲኡ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንድሕነት መግቢ

ዝምልከት ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብህዝቢ ንዝካየድ

ዘሎ ልምዓታዊ መደባት መጒሱ

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ
ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ብህዝቢ
ንዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት
መጒሱ።

ብ29 ጥቅምቲ ምስ ወከልቲ
ምምሕዳራት ከባቢ ሃዳሙ፡
ሕሽመለ፡ ዑናቡርን ሓይነባን
ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ
ምስራሕ መሰጋገሪ ቃላይ ባንዳ፡
ምስራሕን ምጽጋንን ተወሰኽቲ
ክፍልታት ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን
ምጽጋን ጽርግያን ካልእን፡ ህዝቢ
ብጉልበትን ገንዘብን ዝገብሮ
ዘሎ ንጡፍ ኣበርክቶ፡ ውጽኢቱ
ኣድማዒ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ሃብታይ ኣስዒቡ፡ ብዘይ
ተሳትፎ ንቑሕን ውዱብን
ህዝቢ ዝዕወት መደብ ከምዘየለ
ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ዝውጠን
መደባት ልምዓት ንምስማር፡ ህዝቢ
ውዳበታቱ ኣትሪሩ ኣበርክቶኡ
ከዕዝዝ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡
ምስራሕን ምጽጋንን ክፍልታት
ትምህርቲ፡ ፕሮጀክትታት ማይን
ጽርግያታትን ንመንግስቲ ጥራይ
ዝግደፍ ስራሕ ስለዘይኮነ፡ እጃሞም
ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ
10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡05 ፍኖተ ህይወት

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 መደብ መሬት ማይን
ኣከባቢን

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 ለሰ ስፖርት
15፡15 ዳህሰሳ ሕትመት
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 መቓልሕ መንእሰያት
17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 ዶክተራት ኣብ ስትድዮ
18፡25 ሰሙናዊ ፍጻመታት
ስፖርት
19፡10 ቀስተ ድሕነት
19፡25 ሃሎ ቈልዑ

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡15 መደብ ዋልታ

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ፊልም እንዳ ዝማም

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡15 መደብ ሕዋራት

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ “ድሕነት መግቢ፡
ናይ ወትሩ ዕላማና” ብዝብል ቴማ፡
ኣፍልጦ ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ
ትካላትን ኣብ ድሕነት መግቢ ክብ
ንምባል ዝዓለመ ሃገራዊ ዓውደ-
ዘተ፡ ብ29 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ
ወዲቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት
ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ
ምስግና ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ
ቃል፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ኣካል ናይ’ቲ
‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብ
ኵሉ ንዅሉ’ ንምርግጋጽ ዝሰላሰል
ዘሎ መደባት ምዃኑ ብምጥቃስ፡
ድሕነት መግቢ ምሕላው፡ ጥዕና
እንስሳታትን ውጽኢት እንስሳታትን፡
ብቝልን ውጽኢት ብቝልን
ብዓቢኡ ድማ ጥዕና ሕብረተሰብ
ምውሓስ ስለዝዀነ፡ ኵሎም ኣብ’ዚ
መዳይ ዝነጥፉ ኣካላት ብውህደት
ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ብርክት ዝበለ
መግለጺታትን ወረቓቕትን ቀሪቡን
ክፉት ዘተ ተኻዪዱሉን።

እቲ ኣብ ጽልዋ ጥዕና ሓመድ
ኣብ ጥዕና ብቝሊ፣ ውሑስ መግቢ
እንስሳ፣ ኣገዳስነት ውሸባ፣ ባልዓትን
ድሕነት መግብን፣ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ
መድሃኒታት እንስሳ፣ መግቢ-ወለድ
ሕማማት፣ ብቑዕ ምሕደራ ድሕረ-
ምእካብ ፍርያት፣ ከምኡ’ውን ኣብ
ቍጽጽራዊ ስራሓትን ተመኵሮ
ኣመስራሕቲ ትካላትን ዘተኰረ
ወረቓቕቲ፡ ኣብ ኵሉ ደረጃታት
ምፍራይን ምምስራሕን ክግበር
ንዝግብኦ ጥንቃቐን ውሑስ
ኣሰራርሓን ዘብርህ’ዩ ነይሩ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኣሰራርሓአን
ዝሓሸ ጽፈት ንዘርኣያ ትሽዓተ
ኣመስራሕቲ ትካላት፡ ናይ ኣፍልጦ
ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ኣብ’ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ሓለፍትን
ክኢላታትን ሚኒስትሪ ሕርሻን
ዝምልከተን ሚኒስትሪታትን፡
መሻርኽቲ ኣካላት፡ ኣባላት ዞባዊ
ቍጽጽር፡ ኣብነታውያን ሓረስቶትን
ወከልቲ ኣመስራሕቲ ትካላትን
ተሳቲፎም ነይሮም።

ክብርኽ ጸዊዑ።

ኣማኻሪ ናይ’ቲ ማሕበር ኣቶ
ገብረመስቀል ፍስሃ ድማ፡ ሃገራዊ
ማሕበር ዓይነ ስዉራን ኤርትራ ኣብ
ዝሓለፈ ዓመታት ንዘሰላሰሎ መደባት -
ምስናይ ብድሆታቱ ብመልክዕ ጸብጻብ

ኣቕሪቡን ተዘትዩሉን።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ሃገራውያን
ማሕበራት ስንኲላን ናይ ደገፍ ቃል
ኣስሚዖም።

ኣብ መወዳእታ ተጋባእቲ፡ ኣብ ዳግመ-

ክለሳ ቅዋም ማሕበር ብዕምቈት ድሕሪ
ምዝታይ፡ ንዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመታት

እተገልግል ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ
መሪጾም።

ኣብ 1996 መስራቲ ጉባኤ ዘቃነዐ
ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ኤርትራ፡
ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ መላእ ሃገር ልዕሊ
3 ሽሕ ኣባላት ኣለውዎ።

ዜና

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ክተማ ሞስኮ



ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ኣብ ክንዲ ከም ውልቃዊ ድኻምና
እንሓስቦ፡ ከም ቅቡል ‘ቈጸራ ሓበሻ’
ብዝብል ቃል፡ ምኽንያታዊ ክንገብሮ
ንፍትን ኢና። እዚ፡ ወዮ ደኣ
ኣይነቕልበሉን ንኸውን እምበር፡
ንገዛእ ነብስኻ ዘነኣእስ ኣበሃህላ እዩ።
ምኽንያቱ፡ ምኽባር ቈጸራ ምልክት
ስልጣነን ነብሰ ምልከትን እዩ። ኣብ
ልዕሊ እቲ ስራሕ ይኹን ኣብ ልዕሊ
እቲ ሰብ ዘሎካ ኣኽብሮት በቲ ሓደ፡
ብቕዓት ነብሰ ምሕደራና ድማ በቲ
ካልእ የንጸባርቕ። ግዜ ምኽባር ናይ
ፈረንጂ፡ ዘይምኽባር ከኣ ናይ ሓበሻ
ምባል ግን ብተዘዋዋሪ፡ ንነብስና
ከም ዘይስልጡናት፡ ግቡእ ምሕደራ
ነብስና ድማ ከም ዘይመለኽና ኢና
እነመልክት።

ኣብ ቈጸራታት ዝርአ ግዜ ናይ
ዘይምኽባር፡ ልሙድ ጸገማት ኣሎ።

ሸባብ

ሃማመ ተኤ

ብዛዕባ ኣገዳስነት ምኽባር ግዜን
ቈጸራታትን ኣመልኪቶም ንኽዝትዩ፡
ሓንቲ ካብዘን ካብ ውሽጢ ሃገርና
ዝፍነዋ ናይ ዩቱፕ ሕሳባት ንኽልተ
መንእሰያት ዕድመ ኣቕረበትሎም።
ነቲ መደብ ንምቕራጽ ድማ ቈጸራ
ሰዓት 9 ቅ.ቐ. ተታሕዘ። ሓንቲ
ካብቶም ተዛተይቲ ሰዓት 8፡45 ኣብ
ቦታ ቈጸራ ክትረክብ ከላ፡ ቀረጽቲ
ናይቲ መደብ መምስ ካሜራታቶም
9፡10፡ ጋዜጠኛ ሰዓት 9፡20፡ ካልኣይ
ተዛታዩ ድማ ሰዓት 9፡30 ናብ ቦታ
ቈጸራ ተጸንበሩ። ኣርእስቲ ዘተ
ከምቲ ዝበልናዮ ምኽባር ቈጸራ እዩ።
ካብ ኩሎም ኣብ መወዳእታ ናብቲ
መደብ ዝተጸንበረ ተዛታዩ ድማ፡
“ይቕሬታ ኣሕዋት፡ ደንጕናኩምዶ፡
ቈጸራ ሓበሻ ጌርናያ፡” ብምባል ነቲ
ጕጅለ ተጸንበሮ። ቅድሚ 15 ደቒቕ
ናብ ቦታ ቈጸራ ዝመጸአት ተዛታይት፡
“እዛ ጕጅለ 90% ካብ ኣባላታ ነዚ
ተላዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ክትዝትየሉ
ኮነ ክትውድቦ ዘይብቕዕቲ ጕጅለ
እያ፣ ወይ ሰብ ወይ ባህሪ ቀይርኩም
ተመለሱ፡” ብምባል ጨረቓትሎም
ተዓዝረት።

ንቘጸራ፡ ናይ ሓበሻን ናይ ፈረንጅን፡
ኢሉ ዝፈለየ ሰብ መን ምዃኑ
እንተ ንፈልጦ ከመይ ግርም ነይሩ
መስለኩም። ብዙሕ ግዜ ኣብ ግዜና
ንዘይምርካብና እነቕርቦ ምኽንያት፡

ሓደ ካብኡ ኣብ ኣኼባታት እዩ። ሓደ
“ኣኼባ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቐ. ክጅምር
እዩ፡” ተባሂልና ምስ እንሕበር፡ ካብ
ገዛና ሰዓት 8፡00 እንብገስ ሰባት
ውሑዳት ኣይኮናን። ምድንጓይና
ከይኣክል፡ እቲ እንህቦ ምኽንያት
ድማ፡ “ሸሞንተ ኢሎም ትሽዓት
ስለ ዝጅምሩስ ቀስ ኢለ ዘይመጽእ
ኢለ እንድየ፡” ዝብል እዩ። ኣዝዩ
ኣገራሚ ምኽንያት ጥራይ ዘይኮነ
ነቲ ሕማቕ ልምዲ መመሊሱ ሱር
ከም ዝሰድድ’ውን ዝገብር እዩ። ንሱ
ጥራይ ኣይኮነን፡ “ምስ ተኣክብኩም
ወይ ምስ ጀመርኩም ሚስኮል
ግበሩለይ፡” ዝብል ካልእ ልምዲ’ውን
ኣሎ። መራሒ ኣኼባ ሰብ ክእከብ
ክጽበ፡ ኣኼበኛ ድማ ምስ ተኣከቡ
ክሕበር ክጽበ፡ ግዜ ብዘይ ቍምነገር
ይጠፍእ። ምስ ዘይእረም ድማ
ፈውሲ ዘይርከቦ ሕዱር ሕማም

ይኸውን።

እቲ ጸገም ናይቶም ብኸምዚ
መረዳእታ ንቘጸራታት ዋጋ ዘይህቡ
ሰባት ጥራይ ኣይኮነን። ናይቲ
ኣኼባ ዝመርሕ ኣካል’ውን ተራ
ኣሎዎ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣኼባት
ወይ ቈጸራታት ነቲ ደንጕዩ ናብ
ኣኼባ ዝመጽእ ሰብ ክንጽበ ነቶም
ግዜኦም ኣኽቢሮም ዝመጽኡ ሰባት
ካብ ዝግብኦም ንላዕሊ ነጸብዮምን
ብዝተዘዋዋሪ መገዲ’ውን ንቐጽዖምን
ምዃንና እዩ። እዚ ክውገድ ካብ
ዘሎዎ ልምድታት ሓደ እዩ። ኣኼባ
ብዘሎ ሰብ ጀሚርካ ከተብቅዕ’ውን
ነቲ ድሒሩ ናብ ኣኼባ ዝጽንበር
ሰብ፡ ዝሓለፎ መብርሂ ክትገብር
ወይ ብሰንኪ ምድንጓዮም ዝተዘርበሉ
ዛዕባታት ከም ሕቶ ኣቕሪቦም
ንድሕሪት ዝጐትቱን ንዓቕሊ
ኣኼበኛታት ዝፈታትኑን ባህርያት
ውሑዳት ኣይኮኑን። ብውልቂ፡
ምስ ሰብ ኣብ እንቋጸረሉ ግዜ’ውን
እንተኾነ፡ ገለ ገለ ሰባት ንነዊሕ
ደቓይቕ ወይ’ውን ሰዓት ከጸብዩና
ይርኣዩ እዮም። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ
ኣብ ግዜ ዘሎና መርገጺ ንብጾትና
ዝግባእ መረዳእታ ንምፍጣር፡ ነቲ
ዓቐኑ ዝሓለፈ ትጽቢት ኣወንዚፍና
ናብ ካልእ ዋኒና ምኻድን ንነብስና
ክብሪ ምሃብን ኣድላዩ ስጕምቲ እዩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ንምሕደራ
ግዜና፡ ንድሕሪት ዝጐስስ ባህሊ፡
ብውልቅና ኮነ ብደረጃ ትካላትና
ክህሉ ይኽእል’ዩ። እቲ እንኮ ፍታሕ፡
ነቲ ዝጸንሐ ባህሊ ከም ዝስበር
ምግባሩ እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ
ግዜ ብዘሎወን መረዳእታ ብኣብነት

ዝጥቀሳ ትካላት ኣለዋና። እቲ
ግዜ ናይ ምኽባር ባህሊ ሓንሳብን
ብስሩዕን ከም ዝኸይድ ይገብራ’ሞ፡
ኵሉ ኣባል ትካል ኣብ ግዜ ዘሎዎ
መረዳእታ ክዓብን ዕቱብ ኣጠማምታ
ክህሉዎም ይሕግዝ። ስለዚ፡ ነቲ
ዘሎና መሰረታዊ ጸገማት ንምእራም፡
ቈጸራታት ወይ ኣኼባታት ኣብ
ዝተመደበሎም ሰዓታት ክጅምሩን
ብግቡእ ክምሕደሩን ኣድላዩ እዩ።
ሰባት ድማ ቅኑዕ ይኹን ጌጋ
ነቲ ብልምዲ ክኸይድ ዝጸንሐ
ኣካይዳ ናይ ምስዓብ ዝንባለ ስለ
ዘሎና፡ ነቲ ዝተዓረየ ባህሊ ክንስዕቦ
ኣይክንጽገምን ኢና። ብውልቅና
ድማ ዘለዉና ዋኒናት ኣብ ግዜኦም
ክዕመሙ ምግባር፡ ቀዳምነታት ናይ
መደባትና ምስራዕ፡ ኣብ ዘየገድሱና
ወይ ግዜና ዝሰርቁ ጓል መገዲ
ንጥፈታት ዘይምጽማድ፡ ወዘተ ግዜና
ኣብ ምምሕዳር ዓቢ ተራ ክህሉዎም
ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ፥ ኣብ እንገብሮ
ውልቃዊ ቈጸራታት፡ ውራያት፡
ዕድመታት፡ መመረቕታ መጽሓፍ፡
ሃገራዊ መደባት ወዘተ እልቢ ዘይብሉ
ሰብ ኣኪብና ሰኣን ግቡእ ምሕደራ
ግዜ፡ ሰባት ከነቘጥዕ ግቡእ ኣይኮነን።
ብደረጃ ሕብረተሰብ ከነማዕብሎ
እንደሊ ግዜ ናይ ምኽባር ባህሊ፡
እኩብ ናይቲ ኣብ ውልቅና እንገብሮ
ጻዕሪ ስለዝኾነ፡ ኣብ ነብስና ወፍሪ
ክንገብር ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ
ምኽባር ግዜ ማለት ምኽባር ገዛእ
ነብስና፡ ብጾትናን ስራሕን ዘንጸባርቕ
ብውልቅን ብእኩብን ዝዕቀን መለለዩ
ብቕዓት ሓደ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ።

ሓሳባት ቆጸራ ሓበሻ

ሚርያም ዮሴፍ

ዝተፈላለየ ሕብረተሰባት ኣብ
ምኽባር ግዜ ዘሎዎም መረዳእታን
ባህልን ዝተፈላለየ እዩ። ገለ
ሕብረተሰባት ኣብ ግዜ ኣዝዩ ዕቱብ
ዝኾነ ኣጠማምታ ዝውንኑ ክህልዉ
እንከለዉ፡ ኣብ ከም ኣፍሪቃ፡ ገለ
ክፋል ኤስያን ላቲን ኣሜሪካን ዘሎ
መረዳእታ ድማ ብዝተዛማዲ ዝልቕ
ዝበለ እዩ።

ሃገራት ምዕራብ ኣብ ምኽባር ግዜ
ዘሎወን ኣጠማምታ ኣዝዩ ጽኑዕን
ልዑል ዋጋ ዝወሃቦን ባህሊ እዩ።
ከም ምልክት ጥቅውናን ልዑል
ደረጃ ብቕዓትን ድማ ይርአ።
ርክባት ይኹን ቈጸራታት ኣብ ልክዕ
ዝተመደበሎም ግዜ ከም ዝጅምሩ
ይገብር። ምድንጓያ ኮነ ኣብ ግዜ
ዘጋጥም ሓላፍ ዘላፍ ድማ ከም
ጕድለ ሞያውነትን ጽፈት ምሕደራን
ተወሲዱ ዓቢ ግምት ይወሃቦ። እዚ
ባህሊ ኣብ ምዕራባዊ ሕብረተሰብ፡
ኣካል ትካላውን ሕብረተሰባውን
ልምድታትን ብምዃን ዝሰረጸ ሓያል
ባህሊ እዩ።

ሃገራት ኤስያ’ውን ዝተፈልየ
ባህሊ ኣሎወን። ከም ብዓል ጃፓን

ዝኣመሰላ ሃገራት ኣብ ምኽባር
ግዜ ልዑል ጠመተ ዝገብራ ሃገራት
ክኾና ከለዋ፡ ከም ብዓል ህንዲ
ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ ዝፎዀሰ
ባህሊ ኣሎወን። ሃገረ ጃፓን፡ ኣብ
ስራሕ ይኹን ኣብ ውልቃዊ ቈጸራር
ወይ ርክባት ዋላ ናይ ሓንቲ ደቒቕ
ምድንጓይ ከም ዓቢ ጕድለት
ኣኽብሮትን ዓቢ ናይ ስነ ምግባር
ድኻምን ዝርአ ሓያል ባህሊ እዩ።
ኣብ ኵሉ ዓይነት ሞያታት ድማ
ማዕረ ማዕረ እቲ ሞያዊ ብቕዓት፡

ጽልዋ ባህሊ ኣብ ምኽባር ግዜ

ሓደ ካብቶም ቀንዲ መገምገሚ
ብቕዓት ይውሰድ። እዚ ባህሊ ኣብ
ነፍሲወከፍ ጃፓናዊ ዝሰረጸ፡ ቀንዲ
መለለዩ ናይቲ ሕብረተሰብ ዝኾነ
ባህሊ እዩ።

ብኣንጻር እዚ፡ ኣብ ከም ብዓል
ህንዲ ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ
ዝተፈልየ ባህሊ ኣሎ። ብዙሕ
ማሕበራዊ ንጥፈታት ኮነ ቈጸራታት
ካብቲ ዝተመደበሉ ግዜ ብምድንጓይ
እዩ ዝካየድ። እዚ ድማ ከም ቅቡልን

ርዱእን ምኽንያት ተወሲዱ፡
ምልክት ተዓጻጻፍነት ዝገልጽ ልምዲ
እዩ ተባሂሉ ይግለጽ። ኣብ ሃገራት
ላቲን ኣሜሪካን ኣፍሪቃን’ውን፡ ኣብ
ግዜ ዝተዛነየ መረዳእታ ዝውንን
ሕብረተሰብ እዩ። ብዙሕ ግዜ ከም
ምልክት ጕድለት ኣኽብሮት ዘይኮነ
ከም ንቡር ዝውሰድ ፍጻሜታት እዩ
ዝውሰድ።

ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ ዘሎ
ግዜ ናይ ምኽባር ባህሊ፡ ንባህሪ
ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምጽላው
ዓቢ ተራ ዝጻወት እዩ። ኣብተን ኣብ
ግዜ ዓቢ ዝኾነ ክብርን ኣጠማምታን
ዘሎወን ሃገራት፡ ግዜ ዘይምኽባር
ካብ ብዙሕ ውልቃዊ ዝምድናታት፡
ናይ ስራሕ ዕድላትን ዝዅንን እዩ።
ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ሞያዊ
ዕቤትን ዝምድናታትን ኣሉታዊ ሃስያ
ኣሎዎ። ናይ ስራሕ ኣኼባታት፡
ንሓደ ስራሕ ንምዝዛም ዝተመደበ
ደረት ግዜ፡ ወዘተ ብዕቱብ ይተሓዙን
ኣብ ግዜኦም ድማ ይፍጸሙ። እዚ
ኣብ ጽፉፍነትን ኣድማዐትን ናይቲ
ስራሕ ዓቢ ተራ ዝጻወት ልምዲ’ዩ።

ብኣንጻሩ ኣብ ከም ብዓል ኣፍሪቃ፡
ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ፡ ዝጋነን
ጸገም ከም ዘይፈጥር ጸገም ኮይኑ
እዩ ዝቐርብ። ግዜ ምኽባር ዘይኮነ፡
እቲ ምስ ተራኸብካ ዝሓልፍ ግዜ

ዓይነታዊ፡ ተዘካሪን ምቁርን ክኸውን
ኣሎዎ ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ከም
ውጽኢቱ ድማ ኣብ ስራሕ ኮነ
ማሕበራዊ መዳያት ከም ዓቢ ጸገም
ኣይሕሰብን። ብእኡ መንጽር መደባት
ስራሕ ኮነ ማሕበራዊ ጕዳያት ናይ
ግዜ ስሩዕነት ይጐድሎም እሞ ኣብ
ኣፍራይነት ድማ ኣሉታዊ ጽልዋ
ይህልዎም።

ግዜ ምኽባር እምበኣር ኣብ
ዝተፈላለየ ሕብረተሰባት ብባህልን
ክብርታትን ዝተጸልወ ኣምር
እዩ። ኣብዚ ምትእስሳር ናይ ባህሊ
ዝርኣየሉ ዓለም ድማ መረዳእታ
ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ኣብ ግዜ
ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንዝሓሸ ዕቤት
ድማ ኣብ ግዜ ዘሎና መረዳእታ
ብምዕባይ፡ ውልቃዊ ዝምድናታትና፡
ሞያዊ ብቕዓትና ከነዕቢ ይግባእ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

ብኸመይ ትጽሕፍ፧ ሓንቲ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ኣመሪካ፡

“መዓልቲ ስነ-ጥበብ” ብምውዳብ፡
ኣብ ስነ-ጥበብ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ
ሞያውያን ዓዲማ ተመክሮኦም ከም
ዘካፍሉ ገበረት። ሓደ ካብኣቶም፡
ዊልያም ዚንሰር ዝተባህለ ጸሓፊ፡
“ጽሕፈት ከም ሞያ” ኣብ ትሕቲ
ዝብል ኣርእስቲ ተመክሮኡ ከካፍል
ዝተዓደመ ነበረ። ዊልያም ከም

ዝብሎ፡ ኣብቲ ዝተዓደመሉ ቦታ (ቤት-
ትምህርቲ) ምስ በጽሐ፡ ንተመሳሳሊ
ዕላማ ዝመጽእ ካልእ ዕዱም ከም
ዝነበረ ተገንዘበ። እዚ ዶክተር ብሩኽ
ዝተባህለ ሞያዊ፡ ክኢላ መብጣሕቲ
ኮይኑ፡ ምጽሓፍ ካብ ዝጅምር ብዙሕ
ዘይገበረን ኣብ መጽሔታት ዓንቀጻት
ዘሕተመን’ዩ። ዶር. ብሩኽ፡ “ጽሕፈት
ከም መዘናግዒ” ኣብ ዝብል ኣርእስቲ
ክዛረብ’ዩ ተዓዲሙ። እዞም ክልተ
ሞያውያን፡ ተዛተይቲ ብምዃን፡
ኣብ ቅድሚ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ፡
መማህራንን ወለድን ቀረቡ። ኩሉ
ተሳታፊ ድማ ብዛዕባ’ዚ ዘወናውን
ተመክሮ ምጽሓፍ ክሰምዕ ተሃንጠየ።
ዶር. ብሩኽ፡ ልክዕ ከምቲ ጸሓፍቲ
ክመስሉዎ ኣለዎም ዝበሃል፡ ደሚቕ
ቀይሕ ዝሕብሩ ጃኬት ተኸዲኑ
ነበረ። ቀዳመይቲ ሕቶ ናብኡ ቀረበት፤
ጸሓፊ ምዃን እንታይ ማለት ምዃኑ
ድማ ተሓተተ።

ብዘይ ምጥርጣር፡ ኣዝዩ ኣዛናዪ
ተግባር ምዃኑ ገለጸ። ካብቲ ከቢድ
ስራሕ ኣብ ሆስፒታል ወጺኡ ገዛኡ
ብምኻድ ብቐጥታ ናብታ ብጫ
ዝሕብራ መጽሓፊቱ ሰነድ ከይዱ፡
ስምዒታቱ ከም ዝጽሕፎ ገለጸ። ቃላት
ስቕ ኢሎም ከም ዝውሕዙ’ውን
ሓበረ። ነቲ ተግባር፡ ቀሊል’ዩ
ብምባል ገለጾ። እቲ ካልኣዩ፡ ክዛረብ
ዕድል ተዋህቦ። ምጽሓፍ ቀሊልን
ኣዘናዪን ኣይኮነን ድማ በለ። ብርቱዕን
ብሒቱ ዝሕዝን፣ ቃላት ከኣ ሳሕቲ
ጥራይ ብቐሊሉ ከም ዝውሕዙ ገለጸ።

ብምቕጻል ዶር. ብሩኽ፡ ኣገዳስነት
ደጋጊምካ ምጽሓፍ ክገልጽ ተሓተተ።
ፍጹም ኣገዳሲ ኣይኮነን ድማ በለ። እቲ
ምሉእ ሓሳባት ዝኾነ ቅርጺ ይሓዝ፡
እቲ ጸሓፊ ስምዒቱ ሓንሳብ በቲ
ባህርያዊ መንገዲ ክገልጾ ይኽእል’ዩ
ብምባል፡ ምድግጋም ከም ዘየድሊ
ሓበረ። እቲ ካልኣዩ ነዛ ሕቶ ክምልሳ

እንከሎ፡ ምድግጋም (ደጋጊምካ
ምጽሓፍ) ቀንዲ ባህሪ ናይ ምጽሓፍ
ምዃኑ ገለጸ። ፕሮፈሽናላት ጸሓፍቲ
ንምሉኣት ሓሳባቶም ደጋጊሞም
ይጽሕፉዎም። ነቲ ደጋጊሞም
ዝጸሓፉዎ ከኣ መሊሶም ደጋጊሞም
ይጽሕፉዎ በለ።

“ናይ ምጽሓፍ ሸውሃትካ ኣብ
ዝርገጠሉ [ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ ምስ
ዝሕዘካ] እንታይ ትገብር፧” ዝቐጸለት
ሕቶ ነበረት። ሕጂ’ውን ተሓታቲ
ዶር. ብሩኽ’ዩ። ምጽሓፍ ኣቋሪጹ፡
ወረቓቕቱ (መሳርሒታት ጽሕፈቱ)
ንጎድኒ ኣቐሚጡ ንዝሓሸት መዓልቲ
ከም ዝጽበ ገለጸ። እታ ሕቶ ናብቲ

ካልኣዩ ኣበለት። ሓደ ፕሮፈሽናል
ጸሓፊ ቀንዲ ስርሑ ምጽሓፍ ስለ
ዝኾነ፡ ዝቕየደሉ ውጥን ክህልዎ
ኣሎዎ በለ። ምጽሓፍ ክእለት
ደኣ’ምበር ጥበብ ኣይኮነን በለ። ስለዚ፡
እቲ ናይ ምጽሓፍ ሸውሃት የብለይን
ብምባል ካብ ክእለቱ ዝሕክል ወይ
ዝሃድም ጸሓፊ ነፍሱ ጥራይ እዩ
ዘታልል ዘሎ።
“ጸቕጢ ይስምዓካ እንተሎ ወይ’ውን
ሕጉስ እንተ ዘይሃሊኻ ንምጽሓፍ
ይጸልዎዶ፧” ክብል ሓደ ተመሃራይ
ሓተተ።

“ግድን ክጸልዎ’ዩ። ኣብ ከምዚ
ኩነታት፡ ምጽሓፍ ገዲፍካ ናብ ካልእ
ንጥፈት ተብል። ኬድካ ዓሳ ግፈፍ፣
ዘወር በል፡” ዝብል መልሲ ሃበ ዶክተር
ብሩኽ።
“ምናልባት ከይጸልወካ ይኽእል’ዩ፡”
በለ እቲ ካልኣዩ። ስራሕካ መዓልታዊ
ክትጽሕፍ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ከም ኩሉ
ካልእ ዕዮ ብኸመይ ከም እትፍጽሞ
ክትመሃር ኣለካ ዝብል ሓሳብ ድማ
ኣቕረበ።

ካልእ ተመሃራይ ብወገኑ፡ ናብ
ዓለም ጸሓፍቲ ምእታዎም ጠቓሚ
እንተ ነይሩ ክፈልጥ ሓተተ። ዶር.
ብሩኽ፡ እዚ ሓድሽ ህይወት ጸሓፍቲ
ኣመና ከም ዝመሰጦ ብምግላጽ፡
ብዙሓት ሰባት ንድራር፡ ሻሂ፡ ዕላል
ከም ዝዕድምዎን ምስ ብዙሓት
ዓበይቲ ጸሓፍትን ኣርታዕትን ከም
እተራኸበን ገለጸ። እቲ ካልኣዩ ግን
ዝተፈልየ ርእይቶ ነበሮ። ፕሮፈሽናል
ጸሓፍቲ፡ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝሓትት
ዕማም ዝተጸምዱ ባሕታውያን
ብምዃኖም፡ ሳሕቲ እዮም ምስ ሰባት
ወይ ከምኣቶም ጸሓፍቲ ዝራኸቡ
ድማ በለ።
“ኣብ ጽሑፋትኩም ትእምርትነት
(symbolism) ትጥቀሙዶ፧”
ሓተተት ሓንቲ ተመሃሪት።

“ብዝቐለለ መንገዲ ክብሎ ዝኽእል
እንተ ኾይነ ኣይጥቀምን’የ፡” መለሰ
እቲ ካልኣይ። “ዝተሓላለኸ መልእኽቲ
ዘሎዎ ስነ-ጽሑፍ ኣይርድኣንን’ዩ።
ብዙሕ ካብቲ ብኸምዚ ዝጸሓፍ
ጽሑፍ ከይተረዳእኩዎ’የ ዝተርፍ።
ስለዚ፡ ክብሎ ንዝደሊ ብቐጥታ
ክብሎ’የ ዝፍትን።”
“ትእምርትነት እፈቱ’የ፡” በለ ዶር.
ብሩኽ። ቃላት ክፈትልን ክኣልምን
እንከሎ ዝጥቀመሉ ትእምርትነት፡
ምልክታት ኢድ እናገበረ ገለጸ።

እታ መደብ ብኸምዚ ሓለፈት።
ንኹላቶም ዘቃልዐት ድማ ነበረት።
“ኣብ መወዳእታ፡ ዶክተር ብሩኽ
ብዝሃብኩዎ መልሲ ኣመና ከም
ዝተመሰጠ ነገረኒ። ምጽሓፍ ከቢድ
ምዃኑ ተሰዊጡዎ ከም ዘይፈልጥ
ከኣ ገለጸለይ። ኣነ’ውን ብመልስታቱ
ኣመና ከም ዝተመሰጥኩ ገለጽኩሉ።
ምጽሓፍ ቀሊል ምዃኑ ፈጺሙ

ተሰዊጡኒ ከም ዘይፈልጥ ከኣ
ሓበርኩዎ። ምናልባት ከም ተወሳኺ
ትምህርቲ መጥባሕቲ ክወስድ
ከድልየኒ’ዩ ድማ በልኩዎ፡” በለ እቲ
ካልኣይ።

እቶም ተመሃሮ፡ መልስታቶም ግር
ከም ዝበሎም ርጉጽ’ዩ። እንተኾነ፡
ክልተኦም ብምስታፎም ብዛዕባ ዓለም
ምጽሓፍ ዝሰፍሐ መረዳእታ ከም
ዝሕዙ ገይሩዎም’ዩ። ሓደኦም ጥራይ
ቀሪቡ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ሓደ
ገጽ ናይቲ መረዳእታ ጥራይ ምሓዙ
ነይሮም። ኣብ ስነ-ጽሑፍ ወይ ስነ-
ጥበብ ብሓፈሻ፡ ሓደ ውጹእ ቅኑዕ
ዝበሃል መንገዲ የለን። እቲ ዕማም
ብቐንዱ ባዕላዊ ወይ ናይ ብሕቲ
ብምዃኑ፡ ኣብ መረዳእታ፡ ኣተሓሳስባ፡
ንቕሓት፡ ንባብ፡ ትዕዝብቲ፡ ተመክሮ፡
ፍልጠት ናይቲ ዘቕርቦ ሰብ ክጽሎ
ግድን’ዩ። ኩሎም ዓይነት ጸሓፍትን
ኩሉ ዓይነት ኣገባብን ኣሎ። እቲ
ክትብሎ ዝደለኻ ብትኽክልን
ብብቕዓትን ክትብሎ ዝሓገዘካ ኣገባብ
ወይ መንገዲ ድማ ንዓኻ ቅኑዕ’ዩ።
ገለ ሰባት ብግዜ ቐትሪ ምጽሓፍ
ይብርሆም፣ ገለ ከኣ ለይቲ። ገለ
ሰባት ጸጥታ ይደልዩ፣ ገለ ከኣ ሬድዮ
ወሊዖም ይሰርሑ። ገለ ብኢዶም
ይጽሕፉ፣ ገለ ከኣ ብኮምፕዩተር።
ገለ ነቲ ክብሉዎ ዝደልዩ ብምቕራጽ/
ብምምላእ ይብሉዎ። ገለ ሰባት፡
ቀዳማይ ንድፊ ጽሑዎም ብምሉኡ
ኣስፊሮም ናብ ዳግመ-ምጽፋፍ
ይኣትዉ፣ ገለ ግን ነታ ቀዳመይቲ

ሕጡበ-ጽሑፍ ምሉእ-ብምሉእ
ከየጻፈፉ ናብታ ካልአይቲ ክሰግሩ
ኣይክእሉን። እቲ ሕብሪ ብዙሕ’ዩ።

ኩሉ እዚታት ግን ተኣፋፍን
ውጥረት ዝመልኦን’ዩ። ግዜን
ኩነታትን መሪጽካ እቲ ክትብሎ
ዝደለኻ ኣብ ወረቐት ምስፋር
ቀሊልን ኣብ ሓጺር ግዜ ዝፍጸምን
ኣይኮነን። ኩሉ ክትብሎ ዝደለኻ
ከምቲ ዝደለኻዮን ዝሓሰብካዮን
ኣይሰፍርን’ዩ። ስለዚ፡ ሓደ ኣገዳሲ
ዕማም ኣብ ስነ-ጽሑፍ ንምፍጻም
ብርዒ ሒዝካ ኣብ ቅድሚ ወረቐት
ትቐውም። እቲ ኣብ ወረቐት ዝሰፍር
ምስሊ ናይቲ ጸሓፊ፡ ካብቲ ንኽጽሕፍ
ኮፍ ኢሉ ዘሎ ሰብ ዝያዳ ይዕጽቕ።
እቲ ብድሆ ድማ ብድሕሪ’ቲ ሃቐነ
ዘሎ ቅኑዕ ሰብ ምርካብ’ዩ - ኩሉ ሰብ
ክጽሕፍ ስለ ዘይክእል።

“ብመሰረቱ፡ እቲ ሓደ ጸሓፊ ናብ
ኣንባቢ ክሸጦ ዘለዎ ፍርያት እቲ
ዝጽሕፈሉ ዘሎ ዛዕባ ዘይኮነስ መን’ዩ
እቲ ጸሓፊ እዩ። ብዙሕ እዋን
የገድሰኒ’ዩ ኢለ ሓሲበዮ ዘይፈልጥ
ዓንቀጽ ወይ ጽሑፍ የንብብ እየ፡ ስነ-
ፍልጠት ጠቀስ ዛዕባ ንኣብነት። እቲ
ብተገዳስነት ንኸንብብ ዓቲቡ ዝሕዘኒ
ድማ ተገዳስነት ወይ ወኒ ናይቲ
ጸሓፊ ኣብቲ ዝጽሕፈሉ ዓውዲ’ዩ።
ክሳዕ ክንደይ ኣብቲ ዝጽሕፎ
ጥሒሉ’ሎ፧ ከመይ ዝበለ ስምዒት
ዝቕስቅስ ትሕዝቶ ሒዙ መጺኡ’ሎ፧
ክሳዕ ክንደይ ምስ ህይወቱ ኣዛሚዱዎ፧
ርኢኻ ብተመስጦ ከተንብብ ትኽእል፡
” ዝብል ሓሳብ የቕርብ እቲ ካልኣይ

ተማጓቲ።

እዚታት ኣብ ማእክል ናይ ጽቡቕ
ወይ ብቑዕ ዘይልቢ-ወለዳዊ ጽሑፍ
ኣብ ምጽሓፍ ዘሎ ባዕላዊ ፈጽሚ’ዩ።
ካብ ውሽጢ’ዚ ድማ ክልተ ኣገደስቲ
ነጥብታት ክፈልቕ ይኽእል፤ ሰብኣዊ

ርህራሀን ዝህመትን (humanity and
warmth)። ጽቡቕ ጽሑፍ፡ ንሓደ
ኣንባቢ ካብ ሓደ ሕጡበ-ጽሑፍ
ናብቲ ካልእ ንኸብል ዘኽእሎ ህይወት
ዘሎዎ’ዩ። ኣቓልቦ ናይቲ ደራሲ
ንምስሓብ ተባሂሉ ዝግበር ተግባር
ከኣ ኣይኮነን። ብቐንዱስ ሓይልን
ንጹርነትን ናይቲ ትጥቀመሉ ዘለኻ
ቋንቋ ከጉልሕ ብዝኽእል መንገዲ
ናይ ምቕራብ ሕቶ’ዩ።

ከምዚ ዝበለ መትከላት ክትመሃሮ
እትኽእል ድዩ፧ ንዝብል ሕቶ፡
ከይከውን ይኽእል’ዩ። ግን ዝበዝሕ
ካብቲ መትከላት ክትመሃሮ
እትኽእል’ዩ።
ምህዞታት ስነ-ፍልጠት ብዙሕ
ነገር ቀይሩ’ዩ። ኣብዘን ኣብ
ኩሉ ዓውዲ ቅልጡፍ ምዕባለ
ዝተራእየለን ዓመታት፡ ኮምፕዩተራት
ንመሳርሒታት ታይፒን፣ ኣብ
ኮምፕዩተር ዘሎ መሰረዚ ንመጕሓፊ
ወረቓቕቲ፣ ከምኡ’ውን ኣብ
ኮምፕዩተር ዘሎ ኩሉ መላጕም ነቲ
ዕዮ ዝቐለለ ገይሩዎን ብዙሕ ነገር
ተኪኡን’ዩ። እንተኾነ፡ ነቲ ጸሓፊ
ዝተከአ ነገር ግን የለን። እቲ ጸሓፊ
ካብ ጥንቲ ክሳዕ ሕጂ ካልኦት ሰባት
ከንብብዎ ዝደልዩ ካብ ምጽሓፍ
ኣይቀየረን።

ብዛዕባ ምጽሓፍ ካብ ዝተባህለ. . .

“ናይ መወዳእታ ዕላማ ምጽሓፍ፡ ኣንበብቲ ንህይወት ዝያዳ ክድሰቱላ ወይ ዝያዳ ክጽመሙዋ ምኽኣል’ዩ፡” ሳሙኤል ጆንሶን።
***

“ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ጽቡቕ ጽሑፍ መሰረታዊ መጐት ኣምሪ (common sense) ኣሎ፡” ሳውል ፔት።
***

ክሳዕ’ቲ ዝበለጸ ደረጃ እትበጽሕ ዓቲብካን ከየባተኽካን ክትሰርሕ ምኽኣል ሓደ ካብ መለለዪታት ኣብ ፈጠራውነት ዝሰርሑ ሰባት - ጸሓፍቲ፡ ሙዚቀኛታት፡ ቀባእቲ፡ ዲዛይነራት፡ ነደቕቲ፡ ሳዕሳዕቲ፡ ተዋሳእቲ፡ መምህራን - እዩ። ጽንዓት ክሳዕ ዝለዓለ ብቕዓት። ኢርነስት ሄሚንግወይ ኣብ ልዕሊ ዝሰርሖም ምሉኣት-ሓሳባትን ሕጡበ-ጽሑፋትን ብዙሕ ግዜ የጥፍእ ነበረ - ክሳዕ ዝዓግብ።
***

ጆን ማክፊ፡ መዓልታዊ ካብ 8.30 ቅ.ቐ ክሳዕ 8.30 ድ.ቐ. ይሰርሕ ነይሩ። 90 ደቒቕ ጥራይ የዕርፍ። “ወትሩ ኣብ ስራሕ ዘሎ ጋዜጠኛ” ብምባል ንነብሱ ይገልጻ። ንሱ ሓደ ካብቶም ኣብ ግዜኡ ዝነበሩ ዝበለጹ ጋዜጠኛታት ይቝጸር። “ሰባት ከይጸሓፉ ጸሓፍቲ ክዀኑ ይደልዩ፣ ዘይከኣል፡” ይብል።
***

ኣብ ሃድንን ምግፋፍ ዓሳን ዝነጥፍ ዳን፡ ኣብ ሰሙን 110 ሰዓታት ይሰርሕ። ንኽብደት ናይቲ ስራሕ ኣመልኪቱ፡ “ብርግጽ እቲ ስራሕ ተመሊሱ ክበልዓካ’ዩ። ከምኡ እንተ ዘይጌርካ ግን ከይመለኽካዮ ከርተት ክትብል ክትነብር ኢኻ። ክሳዕ ክንድኡ ክትውፈ ኣለካ።”
***

እቲ ንዕራርቦ ጸሓይ ናብ ቅብኣ ክቕይር ዝደሊ በሃጊ ጥበባዊ፡ ንብራሹ ናብ ሕብርታት ጥምዕ-ጥምዕ ኣቢሉ ጥራይ ክስእል ኣይክእልን። ብመጽናዕቲ፡ ፈተነን ዳግመ-ፈተነን እዩ እቲ ጥበባዊ ክንደይ ዓቐን ጻዕዳ ሕብሪ ምስ ቀይሕ ሕብሪ ብምሕዋስ ነቲ ደበናታት ክስእሎ ከም ዝኽእል ዝፈልጥ። ሓንቲ ደራፊት ነቲ ኣሰራርዓ (score) ንመጀመርታ ግዜ ርእያ ጥራይ ንቓላትን ኖታታት ሙዚቃን ናብ ደርፊ ክትቅይሮ ኣይትኽእልን። ሰዓታት፡ አረ መዓልታት ይወስድ - ነገራት ንኽወሃሃዱን እቲ ስራሕ ንኽቕረጽን። ጋዜጠኛ ኸኣ ካብዚ ዝተፈልየ ኣይኰነን። ጀማሪ ይዅን ምኵር ጸሓፊ፡ ጻዕርን ጽዓትን’ዩ ናብ ብሉጽ-ኣጸሓሕፋ ዝመርሖ። ሃውራዊ ጻዕሪ ግን ከንቱ እዩ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

ወ/ሮ ደሃብ ብርሃነ ኣድሓኖም፡ ወደይ ዮኤል
ምግበ ኣስፍሃ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ብዓል ቤተይ
ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኪዳን ጊለ ገብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ዮሃንስ
ኣብርሃም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጽገሬዳ ሃይለ ሰንጋል፡ ኣቦና ሃይለ ሰንጋል ተኪኤን
ኣዴና ዑቕባማርያም ቸኮል መኮነንን ስለዝዓረፉ፡
ኣነ ምስ 1ሓፍተይን 3 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ
መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ክፍለ ከሰተ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ክፍለ ተኸስተ
ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ
ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ እምባየ ወልደገርጊስ፡ ብዓል ቤተይ
ተኽለ ኣባይ ገብረሂወት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰልን ብፍ/ሰ/ዕዳን ዘሎ ናይ
ፈጽሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣቶ መድሃኔ ኣማረ
ደስታ 2.ወ/ሮ ወይኒሸት ኣማረ ደስታ 3.ወ/ሮ
ሳባ ኣማረ ደስታ 4.ወ/ሮ ሉሊት ኣማረ ደስታ
5.ወ/ሮ ሜሪ ኣማረ ደስታ 6.ወ/ሮ ዘሊሃ ኣማረ
ደስታ 7.ኣቶ ቴድሮስ ኣማረ ደስታ፣ ኣድራሻኹም
ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ
ተጸዊዕኩም ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ
ቁ.41 ቅረቡ።

ሲዶና ሚኪኤል ምባል ተሪፉ፡ ሲዶና ሚካኤል
ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ራህዋ
ዕላዊ ምባል ተሪፉ፡ ራህዋ ምላው ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኢሰያስ ዑቕባይ ኣርኣያ፡ ተጸዋዒ ፍረዝጊ
ጎይትኦም ተኽለ፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ
ቤት ፍርዲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን13/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ
ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ሃብተ ገብረመስቀል፡ ብዓል ቤተይ
በረኸት ክፍሉ ግርመ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ
መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘበነሽ ወልደኪዳን ቶምቦሳ፡ ኣደይ ለተንስአ
ማዕቀባይ ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት
ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ዛይድ ተኽለ ካሳ፡ ወደይ ሄኖክ ገብረኪዳን
ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት
ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሓበን ኣሰፋው ዘርአ፡ ኣቦና ኣሰፋው ዘርአ
ዑቕባገርግስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ምሉእብርሃን እምባየ ዓንደብርሃን፡ ተጸዋዒ ኣቶ
ኣማኑኤል ቴድሮስ መኮነን፡ ናይ ውክልና ምስራዝ
ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ
ወኪል ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ.44
ቅረብ።

ወ/ሮ ኣሰፋሽ ዮሃንስ ሞጎስ፡ ብዓል ቤተይ
ገብረእግዚኣብሄር ገብረየሱስ ኣሉላ ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3
ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳነ ረዘነ ገብረማርያም፡ ሓፍትና ወሓዚት ረዘነ
ገብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ኣቶ በርሀ ኣስራት ዘራጽዮን፡ ሓፍትና ሳባ ኣስራት
ዘራጽዮን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ
ቁ.32 ይቕረብ።

ዑቕባይ ማና ምስግና፡ ኣዴና ደሃብ ጊላሚካኤል
ወልደዮውሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ሞኒካ ቢያዝዮሎ ጁልዮ፡ ኣሕዋተይ ናድያ ቢያዝዮሎ
ጁልዮ፡ ኤሊዛኒታ ቢያዝዮሎ ጁልዮ፡ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ
ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ሃይለ ኣስገዶም፡ ኣደይ ኣብርሀት ሓድሽ
ኣረጋዊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን25/11/6 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍዮሪ ወልደማርያም ወልደሚካኤል፡ ኣቦይ
ወልደማርያም ወልደሚካኤልን ኣደይ ገርግስ
በረኸትኣብ ተወልደመድህንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ
ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መ/ም መንግስትኣብ እምባየ ገብረ፡ ኣቦና እምባየ
ገብረ መድህንን ሓጉሽ መሓሪ ካሳን ስለዝዓረፉ፡
ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 6 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣርሴማ በየነ ርእሶም፡ ኣደይ ምሕረት ሞጎስ
ተስፋጊዮርጊስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት

ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ተስፋይ፡ ኣቦና ተስፋይ ርእሶም
ጭሩምን ኣዴና ሻሹ ገብረማርያም ወልደጋብርን
ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ኣቤል ሙሴ 2.ሜሪ ሙሴ፡ ስም ኣዴና ወርቁ
ዑቕባሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ገነት ማና ኣድሓኖም
ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሳይሞን ነጋሲ ዘምኪኤል፡ ስም ኣደይ ገነት ፍስሃ
ምባል ተሪፍ፡ ገነት ፍስሃጽዮን ሰመረ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸሃይቱ ዘርኣይ መስፍን፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ
በራኺ ተስፉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍዮሪ ተኽለ ሞሳዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ወልዱ
እምባየ ተስፉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሱልጣን ተኪኤ ተስፋማርያም ምባል ተሪፍ፡ ዮስያስ
ተኪኤ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ህድኣት ሞባእ ሃብቱ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋስላሴ
መሓሪ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 12 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መኮነን ተኽላይ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፍ፡
ሄኖክ ተኽላይ መኮነን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሳምሌት ተስፋኣለም ተስፋይ ምባል ተሪፍ፡
ሳምሌት ተስፋኣለም ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ/ት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ፍዮሪ ኣረፈ ሃብተገብሪኤል፡ ብዓል ቤተይ
ብርሃነ ሓደራ ተስፋይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በረኸት ጠዓመ ሃብቶም ምባል ተሪፍ፡ በረኸት
ተስፋይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ግደይ ኣፈወርቂ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ
ኣምበሳጀር ዑቕባጼን ሰቋር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ

ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ግርማይ ጎይትኦም የውሃንስ፡ ኣሕዋተይ
1. ናጽነት ጎይትኦም 2.ዮውሃና ጎይትኦም፡
ብኣካል ክቐርቡ፣ እንተዘይቀሪቦም ግን ጥፉእነት
ከረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/1/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሀት ሞጐስ የዕብዮ፡ ኣደይ ድሃብ ገ/ስላሴ
ጐይትኦም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ማሓሪ ወልዳይ፡ ወደይ ፍስሃ ማሓሪ
ወልዳይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን30/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተንስኤ መሓሪ ወ/ስላሴ ምባል ተሪፍ፡ኮኾብ
መሓሪ ወ/ስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኣቶ ሰለሙን ተወልደ ባህታ +1፣ ትሕቲ ዕድመ
ወድና ኣዛኤል ሰሎሞን ተወልደ ምባል ተሪፉ፡
ሚልክያስ ሰሎሞን ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ዃላ

ወ/ሮ ለተርፍኤል ሓጎስ ገብረኺዳን፡ ብዓል
ቤተይ ግርማይ ወልደየሱስ ተወልደ ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7
ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሰመረ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡
ሚኪኤለ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳነ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኤደን ሰለሙን ንጉሰ፡ ተኸሳሲ ብርሃነ
መስፍን፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ ቅረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ሞዓለስ በርሀ ተኽለ፡ ብዓል ቤተይ
ተኽለብርሃን ገብረሂወት ይሕደጎ ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9
ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ስብሃቱ ዑቕበ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ
ተኽለ ወልደዮውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ
ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ
ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ

8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ኣቶ ስብሃቱ ገብረማርያም ወ/ገብሪኤል (ወኪል)፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሕጻብ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ ‘‘ዩኒቨርሳል መሕጸብ መካይን’’ (UNIVERSAL CAR WASH) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣቶ ዳዊት ተኽለ ካሕሳይ፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ ‘‘ሰኒ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና (SENI DRIVING SCHOOL) ዝነበረት ‘‘ሮራ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና’’(RORA DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክምዝገበሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ብስም ወ/ሮ ኣዜብ እስቲፋኖስ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00001787 ቁጽሪ መዝገብ 00001629 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ዃላ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ዃላ ዝርከብ ናይ መግብን መስተን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ትርሓስ ብርሃነ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲዃላ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ዃላ ሰመሞ- ተሌፎን 07661760፣ ካብ ዕለት
01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን
ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ
ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ኣዜብ እስቲፋኖስ

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ባዕከር ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL 0294
ቁጽሪ መዝገብ DAR-0235 ዝርከብ ናይ A32 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ለተንስኤ ኣድሓኖም ደስታ፡
ኣድራሻ ሰንዓፈ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ባዕከር፡ ብዕለት 03/03/2026
መዝ 99/2026 ብውህብቶ ዝለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ
እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ለተንስኤ ኣድሓኖም

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 12016 ቁጽሪ መዝገብ 10299 ዝርከብ ናይ JH0 ትካለይ፡ ንወ/ት ቢተልሄም ፍትዊ ኣዋጁ፡ ኣድራሻ ኣስመራ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዓዲ/ከተማ ኣስመራ ብዕለት 31/10/25 መዝ 472/2025 ብውህብቶ ዝለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ዊንታ በርሀ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ
ክርስትያን

ሲሃም ተስፋህይወት ዛህላይ ምባል
ተሪፉ፡ ሴም ተስፋህይወት ዛህላይ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተስላሰ ተድላ ገብረኪዳን ምባል ተሪፉ፡
ንግስቲ ሃብተማርያም መደህነይ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ
እምባደርሆ

ኣቤል ኣምሎሶም ገብረማርያም ምባል
ተሪፉ፡ ኣቤል ጠዓመ ገብረማርያም ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ከምኡ’ውን ስም ኣደይ
ኣስመረት ሃብታኣብ ጎይትኦም ምባል ተሪፉ፡
ትብለጽ ኣምለሶም ገብረሚካኤል ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 70870 ቁጽሪ መዝገብ 9441 ዝርከብ ናይ እንዳ ስጋ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኤደን ከበደ ግርማ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብዕለት 17/9/2026 መዝ/ 124/26 ብውህብቶ ዝለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣበባ ተወልደ

ኪዳነ ንጉሰ ክፍላይ፡ ኣብ ምም/ከባቢ ቅሰሞ ደንጎሎ ሸኻ ኢያሞ ዝርከብ ናይ ትካል መጥሓን እኽልን በርበረን መዓላ ዝወዓለ ቦታ ምስ ገዝኡ፡ ናይቲ ቦታ ሊዝ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ነቲ ሊዝ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተቓላሓሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07126406 ይሓብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታ ካብ ጨ/መሬት ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኪዳነ ንጉሰ ክፍላይ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ከባቢ 01 ዝርከብ ብቁ.ምስክር ወረቐት 304052 መወከሲ ቁጽሪ 307206 ብስመይ ማለት ገብርኤላ ወልደሃይማኖት መሓሪ ናይ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ገዛ ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07379196 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ገብርኤላ ወልደሃይማኖት መሓሪ

ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ትርሓስ ርእሶም ወ/ገርግስ ፡
ተኸሳሲ ሄናክ ጸጋይ ሓዱሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ
ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ
ወኪል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋይ መድሃኔ፡ ኣቦይ
ኣቶ ተስፋይ መድሃኔ ኣፍለይ ስለዝተሰወአ፡
ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልማዝ ገብረእግዚኣብሄር በይን፡ ብዓል
ቤተይ ተስፋስላሴ ጸጋይ ገብረመስቀል
ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

መሰረት ኣወቀ ኣስለ ምባል ተሪፉ፡
መሰረት ኣወቀ ኣሰለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ኣስመረት ኪዳነ ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ
ፍትዊ ሃብተሚካኤል ተስፋገርግሽ ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3
ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ፍስሃ ገብረመድህን ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡
ፍስሃየ ገብረመድህን ገብረትንሳኤ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኣይ ተስፋማርያም ክፍላይ፡ ኣቦይ
ተስፋማርያም ክፍላይ ኣምለኩ ስለዝዓረፈ፡ 9
ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ንኣዴና
ሃንሱ ገብረጻድቕ ኢልማ ናይ መጻምዲ መሰላ
ይተሓለወላ፡ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሓዳስ ፋሲኤል ተስፋዮናስ ምባል ተሪፉ፡ ሓዳስ
ተስፋይ ተስፋዮናስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ግደይ ምስጉን ሓጐስ፡ ተኸሳሲ
ኣቶ ተስፋሚካኤል ገብረእግዝሄር ሓጐስ፡ ናይ
ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ
ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ
ምዃኑ ነፍልጥ።

ኢብራሂም ኣሕመድ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡
ኢብራሂም ኣሕመዲን ዑስማን ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዲቦራ ኣለም ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ዲቦራ
ኣለም ይብራህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ከሳሲት ቅሳነት ኪዳነማርያም ኣስፍሃ፡ ተኸሳሲ
ሓበን ሓድሽ ጉዕሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ
ስለ ዘ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣኽበረት ገብረገርግሽ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ
ተስፋማርያም ገብረክርስቶስ ብርሃነ ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7
ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ ስዒድ ሑመድ ምባል ተሪፉ፡ ስዒድ
ጃብር ሑመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ፍስሃየ የውሃንስ ዓቐበይ ምባል ተሪፉ፡ ጀማል
የውሃንስ ዓቐበይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኣምና መ/ድ ሳልሕ ሓጅ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና
መ/ድ ስዒድ ሓጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኣምለሰት ሃብተማርያም ጎይትኦም ምባል
ተሪፉ፡ ኣምለሰት ሃብተማርያም ይሕደጎ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መ/ድ ደያን መ/ድ ጣህር ምባል ተሪፉ፡ መ/ድ
ደያን መሓመድ ጣህር ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰንበቱ ኣብርሃም ሓደረ ምባል ተሪፉ፡ መቀረት
ኣብርሃም ሓደረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ማርቲን ሳህለ ምባል ተሪፉ፡ ማርቲኖ ሳህለ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሰናይት ገዛኢ ገብረታትዮስ ምባል ተሪፉ፡ ኣፍራሕ
ገዛኢ ገብረታትዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ሩታ ገብረመስቀል ጸጋይ፡ ኣቦይ
ገብረመስቀል ጸጋይ ዘሚኪኤል ስለዝተሰወአ፡
ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ራህዋ ገ/ሚካኤል መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ሰንቤቲ
ሃንስ መድሕን ምባል ተሪፉ፡ ሰንበቱ ተስፋዝጊ
ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንትሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤርኮያ ሮሞዳን እሽማ ባታይ ምባል ተሪፉ፡ ረቅያ
ሮሞዳን እሽማ ባታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንትሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ብርያ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ረንዳ
መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንትሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ካልቱም ዑመር ሁመድ ኢብራሂም ምባል
ተሪፉ፡ ካልቱም ዑመር ሁመድ አልፍይ ተባሂሉ

ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ማኣዛ ከሰተ ይሕደጎ፡ ስም ጓለይ ማሓሪት
ሃብቶም ነጸረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሳሮን
ሃብቶም ነጸረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንትሎ፡ ን24/11/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኪዳኑ ርእሶም ተላ፡ ብዓል ቤተይ
ምሕረቱ በራኺ ገብረእግዚኣብሄር

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡- ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቝሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን።
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ (ክፉት ጨረታ)
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ሆስፒታላትን ቤት ትምህርትን (ሆስፒታል ምጽዋዕ፡ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ሆስፒታል ኣፍዓበትን፡ ቤት ትምህርቲ ኣሶሰይት ነርስ ጊንዳዕን) ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ትምህርትን ይወስዱ።)
ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስብሒ ዘይበዘሖ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቝሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓን እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ስዓታት ክርከቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ዕለት 5/11/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት ትምህርትን ክበጽሕ ኣለዎ። ሰዓት 9፡45 ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት። ኣብ ዕለት 6/11/26 ኣብ ሆስፒታል ባጽዕን ሆስፒታላት ኣፍዓበትን ናቕፋን ክበጽሕ ኣለዎ። ዕለት 6/11/26 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን፡ ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርቲን ይኣቱ። ኣብ ቦትኡ በዚ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንነፍሲ ወከፍ ኣጫራቲ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ባኒን 20,000.00 ናቕፋ፡ እንቋቝሖ፡ በርበረ፡ ጸባ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን 10,000 ናቕፋ ብስፒኦ (CPO) ከትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ፡ ብናቱ መጐዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታል የቕርብ።
10. ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓድሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤተ መዘከር ዞ/ሰ/ ቀ/ባሕሪ) 3ይ ደርቢ ምጽዋዕ ቁ.ቴሌ08534562

ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ቴድሮስ መሓሪ ገብራት ምባል ተሪፉ፡
ቴድሮስ ማሕራይ ገብራት ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



ሓዳስ ኤርትራ

መ ዛነዪ

መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ሃብተሚካኤል ዕቝባስላሴ

ምክብባር ኣብ መጻምድቲ

ፍቕሪ መሰረታዊ ስምዒት ደቂ ሰብ እዩ።
ይኹን እምበር ብኸመይን ስለምንታይን
የጋጥም ንምርድኡ ቀሊል ኣይኮነን።
ብርግጽ ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ብዙሓት
ሰባት ንፍቕሪ - ስነ-ፍልጠት’ውን እንተኾነ
ክበጽሖ ዘይከኣለ ረቂቕ ነገር ምዃኑ እዮም
ክገልጽዎ ጸኒሖም።
ጆሴ ማኑኤል ሪኤላን ማርቲና ሎፔዝን
ዝተባህሉ ሰብ ሓዳር ካብ 1933 ኣትሒዞም
እዮም ኣብ ሓዳር ተጸሚዶም። ኣብ
ሓዳር ኣስታት 81 ዓመት ምስ ገበሩ፡ ኣብ
ቤተ ክርስትያን፡ ሃይማኖታዊ ቃል ኪዳን
ኣሲሮም። እቶም 81 ዓመት ብሓደ ኣብ
ሓዳር ዝጸንሑ ጆሴ ማኑኤል ሪኤላን
ማርቲና ሎፔዝን ኣብ 2013 ነዚ ስነ
ስርዓት ኣብ ዝፍጽሙሉ ዝነበሩ ግዜ ጆሴ
ማኑኤል 103 ዓመት፣ ማርቲና ሎፔዝ
ድማ፡ 99 ዓመት ገይራ ነይራ። ኣብ 2013
ነዚ ሃይማኖታዊ ስነ-ስርዓት ክፍጽሙ
እንከለዉ፡ 8 ውሉዳት፡ 50 ደቂ ደቆም፡ 35
ድማ ደቂ ደቆም ዝወለድዎም በጺሖም
ነይሮም። እዞም ሰብ ሓዳር ሕጋዊ መርዓ
እኳ እንተገበሩ ሃይማኖታዊ ስነ-ስርዓት
ግን ኣየካየዱን ነይሮም። ፈለማ ሓዳር
ክጅምሩ እንከለዉ፡ “ኣብ ሓዳር ነዊሕ
ኣይጸንሑን እዮም” ተባሂሎም ዝነበሩ፡
መበል 81 ዓመት ኣቚጺሮም ከምዚ

ዓይነት ስነ ስርዓት ቃል ኪዳን ኣካይዶም።
“ኣብ ሓዳርና ሓላፊ የብልናን። ክልተና
ብምክብባር ኢና ንነብር” ክብል ጆሴ
ኣብቲ ስነ ስርዓት ተዛሪቡ ነይሩ። ሕጊ
ተፈጥሮ ኮይኑ ግን እዞም ናይ ዕድመ ሰብ
ጸጋ ኣብዚ ግዜ’ዚ ብህይወት የለዉን።

ብሉጽ ፍቕሪ ኣብ ሓድሕድ ምክብባር
ጥቡቕ ዝምድና ምትእምማንን
ዝተመርኰሰ እዩ። ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ
ኩሉ ግዜ ካብ ስምዒት ሓባራዊ ምርድዳእ፡
ምክፋል ሓሳባትን ሓድሕድ ምክብባርን
እዩ ዝምዕብል። ቲስ ንሃ “ኣብ ልብና
እንተደኣ ፍቕሪ ኣሎ ነፍሲ ወከፍ

ሓሳብ፡ ቃልን ተግባርን ተኣምራት እዮም
ዝሰርሑ። ምኽንያቱ ርድኢት እቲ ቀንዲ
መሰረት ፍቕሪ፡ ቃልን ተግባርን ስለዝዀነ”-
ብምባል እዩ ዝገልጾ።
ዘላቒ ፍቕሪ፡ ነቲ ካልእ ኣካል
ከም ዘለዎ ተቐቢልካ ንጡፍ
ሓልዮት ምልጋስ ዘጠቓልል’ዩ።
እዚ ናይ ውሳነ ፍቕሪ’ዩ። ሓደ
ሰብ ነቲ ካልእ ብዘይ ዕቃበታትን
ብኽፉት ዓይኑን ብምልኣት ልብን
ክቕበል ምስ ጀመረ፡ ድሕሪ ጥርዚ
ዝምድና’ዩ ናብ ፍቕሪ ዝበጽሕ።
ኣብ ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ ዝፍጸም
ጌጋ፡ ከም ርዱእ ነገር’ዩ ዝውሰድ።
ሓድሕድ ሕድገት ከኣ፡ ይግበር።
ሰላም ዝሰፈኖ፡ ኣብ ምክብባር ሓድ-
ሕድ ዝተሰነየ ዝምድና ክፍጠር
ኣገዳሲ እዩ። ምብህሃል ኣብ መጻምድቲ
ልዑል ተራ’ዩ ዝጻወት።
ኣብ መንጎ ክልተ መጻምድቲ ዘሎ
ባህርያዊ ፍልልይ ክንርድኦን ክንቅበሎን
ግድነት እዩ። ክልተ ፍቑራት ፍልልያቶም
ተረዲእዎም ምስ ዝቕበልዎ ጠባዮም
ከይለወጡ ብፍቕሪ ተሰማሚዖም ንምሉእ
ዕድመኦም ክቕጽሉ የኽእሎም። ኣብ
መንጎ መጻምድቲ ዘሎ ፍቕሪ ንኽስስን፡
ሕማቕ ባህርያት ክልወጥን ይቕረታ
ምዝውታር ኣገዳሲ እዩ። ይቕረታ ምስ
እተዘውትር፡ ነቲ ዘጋጠመ ቃንዛ ከም
ዝለቅቕ’ዩ ዝገብር።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተዘርግሐ ዘይተሓስበ ዕዳ
ዛንታ እዩ። ሓንቲ ዓባይ ኣደ፡ ንወዲ ወደን ካብ
2019 ክሳብ 2026 ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል፡
ወለዱ ናብ ስራሕ ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ ባዕለን’የን
ተኸናኺነንኦ።
እተን ኣደ፡ ንወደን “ሸውዓተ ዓመት
ንውላድካ ሒዘልካ እየ፡ ናይ 1,840 ሰዓታት
ብ15 ዶላር፡ 27,600 ዶላር ክፈለኒ” ኢለን
ድሕሪ ምሕታተን ንብዙሓት ኣገሪመን።
ወደንን በዓልቲ ቤቱን ናብ ስራሕ ኣብ
ዝኸዱሉ፡ እተን ሰበይቲ ነቲ ቈልዓ ባዕለን
ይኣልያኦ ነይረን።
ብተወሳኺ ሰሙናዊ ዕረፍቲ፡ በዓላትን
ውልቃዊ ንጥፈታትን ገዲፈን ንወደን ከም
ዝሓገዛ ዩ’ እቲ ዛንታ ዘመልክት።
እንተኾነ ወደን ንሸውዓተ ዓመት እተን
ወላዲቱ ብናጻ ይሕግዛኦ ከም ዘላ ኣሚኑ’ዩ
ዝጐዓዝ ነይሩ። ብኣንጻሩ እተን ኣደ ንወዲ ወደን

ክከናኸና ዘሕለፋኦ ሰዓታት ክምዝግባኦ
እየን ጸኒሐን።
ኣብ 2026 ወዲ ወደን ሻብዓይ ዓመት
ዕለተ ልደቱ ኣብ ዘብዕለሉ ዝነበረ እዋን፡
ሓንቲ ናይ ህያብ ንእሽቶ ሳንጣ ሒዘን
ናብቲ ናይ ዕለተ ልደት ስነ ስርዓት ኣምረሓ።
እታ ዝተዓሸገት ሳንጣ ግን፡ ወደንን ሰይቲ
ወደንን ዘይተጸበዩዎ ትሕዝቶ’ዩ ጸኒሑዋ።
ንኣስታት 1,840 ሰዓታት ኣብ ምሕብሓብ
ወዲ ወደን ስለ ዘሕለፍኦ 27,600 ዶላር
ክኽፈላ ዝሕብር ጽሑፍ እዩ። ኣብ
መጀመርታ ወደን ኣደኡ ዝዋዘያ እኳ
እንተ መሰሎ፡ ዕትብ ኢለን ክፍሊት ከዳሉ ከም
ዘለዎ ምስ ሓበራኦ ግን፡ ወደን ምሒር ሰንበደ።
ነቲ ቈልዓ ኣብ ምእላይ ዘሕለፍኦ ግዜ
ብምጽብጻብ፡ ሓላዊት ቈልዓ ወይ ሰራሕተኛ
እንተ ዝቖጽሩ ነይሮም፡ ልዕሊ እቲ ንሰን

ዝሓተታኦ ኣሽሓት ዶላራት መውጽኡ
ነይሮም ኢለን እየን ዝግምታ። ኣማስያኡ እቲ
ኣከራኻሪ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ከይበጽሐ
ከምዘይተርፍ’ዮም ጸብጻባት ማሕበራዊ
መራኸቢታት ዘመልክቱ።

ኣሉታዊ ጽልዋ ማሕበራዊ ሚድያ
ማሕበራዊ ሚድያ፡ ሓደ ዓቢ ክፋል
ህይወት ደቂ ሰብ ካብ ዝኸውን ነዊሕ
ኣቚጽሩ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ፡ ቊጠባዊ፡
ብዓቢኡ ኣብኡ ዝጠፍእ ግዜ፡ ቀሊል
ኣይኮነን። ማሕበራዊ መራኸቢታት ልክዕ
ከምቲ ክልተ ዝብልሑ ሴፍ እዩ። ብኸመይ
ትጥቀመሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ገለ ኣብ
ማሕበራዊ ሚድያ ካብ ዝርኣዩ ጸገማት፦

• ጸለመ፦ንሰባት ብመንነቶም፡ ዝቕመጡሉ
ቦታን ኣተዓባብያኦምን ተጠቒምካ
ምውቃስ፡ ጸለመ፡ ምግናን ካልኦት ልሙዳት
ተርእዮታት እዮም።
• ምብኻን ግዜ፦ ኣገዳሲ ክፋል ናይ
ህይወት ምብኻን ሓደ ካብ ኣሉታዊ
ሳዕቤናት ማሕበራዊ ሚድያ እዩ። ብፍላይ
ከኣ፡ ንጸርፊ፡ ንዓሌትነትን ንግጉይ ሓበሬታን
ምስ ዝኸውን፡ ንስነ ኣእምሮኣዊ ርጉእነት
ብኣሉታ እዩ ዝጸሉ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ
ማሕበራዊ መራኸቢታት ናይ ሓሶት
ሓበሬታ ንምዝርጋሕ ዝዓበየ መሳርሒ ኮይኑ

ኣሎ።
• ሓላፍነት ዘይምስካም፦ ሰባት
መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓቀኛ ህይወት
ዘለዎም ሓላፍነት ዕሽሽ ብምባል ብዙሕ ግዜ
ኣብ ኢንተርነት ከሕልፉ ይርኣዩ እዮም።
እዚ ወልፊ እዚ ሕጽረት ኣፍራይነትን
ጭንቀትን ከስዕብ ይኽእል። ኣብ ስክሪን
ዘሎ ጎዳኢ ብርሃን’ውን ኣሉታዊ ጽልዋ
እዩ ዘለዎ።
• ሕጽረት ብኣካል ምርኻብ፦ ማሕበራዊ

መራኸቢታት እናወሰኸ ምስ ከደ፡ ሰባት
ብኣካል ናይ ምትእስሳር ዝንባለኦም እናነከየ
ይኸይድ ኣሎ። ዓሚቝን ትርጉም ዘለዎን
ዝምድናታት ሰባት ንምምዕባል ኣጸጋሚ
ይገብሮ ኣሎ። ሰባት ካብ ብኣካል ንላዕሊ
ኣብ ኢንተርነት ዝያዳ ግዜ ከሕልፉ ስለ
ዝኽእሉ፡ ናብ ስምዒት ጽምዋን ማሕበራዊ
ዝምድና ምቁራጽን የምርሖም። ብዜካ’ዚ፡
ውልቃዊ ሓበሬታ ሰባት፡ ካልኦት ብዘይግቡእ
ክጥቀሙሉ ይርኣዩ እዮም።
• ውልቃዊ ህይወትካ ምዝርጋሕ፦
ግላዊ ህይወትካን ናብራኻን ብብዝሒ
ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምዝርጋሕ፡
ሓደገኛ ሳዕቤን’ዩ ዘለዎ። ናብ ከምዚ ቦታ
ይገይሽ ኣለኹ፡ እናበልካ ነፍሲ ወከፍ
እትዝርግሖ ሓበሬታ፡ ብዙሕ ሰብ በቲ
ጽቡቕ ነገር ክሕጎስ ይኽእል ይኸውን።
በቲ ካልእ መዳይ ድማ ምንቅስቓሳትካ
ተጸናትዮም ክዘምቱ ንዝደልዩ ሰባት፡
ርሒብ ዕድል ምኽፋት እዩ።

ንትኹል

1. ንጤል ንክንሰጒግ እንብሎ
2. ፈተነ፡ ሓተተ
3. ድምጺ ድሙ
4. ፍርዲ
5. ድምጺ ከልቢ
6. ንርእስና ዝስከም
7. መዐቀኒ ፈሳሲ
12. ብዓልቲ ቤቱ ንወዲ
14. ፈረየ፡ ሰሰነ
15. ቅድሚ ክረምቲ ዝዝንብ
ዝናብ
17. ፍልልይ ዘይብሉ፡ ሓደ ዓይነት
18. ዝሓለፈ ዝተሰርሐ ጽቡቕ ስም
19. ንሳ ትነብዕ፡ ንሱ _____
21. ተገጣጢሞም ዝሰርሑ ንኣሽቱ
ብብዓይነቱ ዝሕብሮም ኣእማን
24. ካብ መግቢ እስያ
26. ወረ፡ ተባህለ ምባል
27. ዳርጋ ሓደ ዓይነት
28. መጒልሒ ድምጺ
29. ኣውቶቡስ ብእንግሊዝ
31. ዝተዘርፈ፡ ዝተላዕለ
33. ብጽሕና ወዲ ተባዕታይ
35. መንገብገብ፡ መብረሪ
37. ደረቕ ፈሓም፡ ሕራራት፡ ከሰል
38. ማይ ካብ ነዃል ክፈስስ
እንከሎ
41. ቀልጥፍ፡ ጒየ

ንጋድም

1. ዓላቒ፡ ጎነጸኛ
4- ብዘይሓሳብ፡ ብኣጋጣሚ
6. ደረት፡ ወሰን፡ ዙርያ
8. ጥር፡ ዝል
9. ጽንብል
10. ሓዊ
11. ማዕጾ ምስ ተዃሕኩሐ
እንብሎ
13. ቅድሚ መዓልቲ ምእካሉ
14. ተሪር እምኒ ሩባ
16. ናይ ታሕጓስ ድምጺ
19. ይጭብጥ፡ ይዓትር
20. ብኢድ ዝሰርሕ መጋየጺ
ሳሎን
22. ፋሕ ኣበለ፡ ዘረወ
23. መጻውቲ፡ መዛኑ
25. ንማሕረስ ዘገልግል እንስሳ
28. ካብ ፈሰስቲ
29. ንሳ፡ ብርእሳ፡ ብዓርሳ
30. ንዝተሓተትካዮ ግብረ
መልሲ ሃብ
32. መቓልሕ ድምጺ
33. ንሃመማ እሽ ምባል
34. ኣእጋሩ ዘይሰርሕ
36. ምግባት፡ ምሕዋስ
39. ካብ ሕብርታት
40. ኣንፈተ ሃበ
42. ጅማት
43. ዓባስ፡ ዕጹው
44. ነየናይ፡ ንእንታዋይ ከም
ዘመልክት ሕቶ

ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት
1 2 3 4 5 6 7

8 9 10

11 12 13

14 15 16 17 18

19 20 21

22 23 24

25 26 27 28

29 30 31 32

33 34

35 36 37 38 39

40 41 42

43 44

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ጥቕስታት መዛነዪ
• “ኣብ ህይወት ንእትረኽቦም ዕድላት ቀልጢፍካ ተጠቐመሎም፡ እቲ ምንታይሲ ገለ ዕድላት ኣይድገሙን እዮም።”- ብራያን ፎርድ
• “ክእለት ከይፈረድካ ምዕዛብ ብሉጽ መለክዒ ብልሒ እዩ።”- ጂዱ ክሪሽናሙርቲ
• “ኣብ ህይወት ናይ ኮንዶኾን ፈተነ (risk) ከይወሰድካ ናብ ዝኾነ ቦታ ክትበጽሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።”- ኤስመ ቢያንኮ
• “እቲ ጸገም ንጹር ኣንፈት ዘይምህላው ደኣ እምበር ሕጽረት ግዜ ኣይኮነን።”- ዚግ ዚግላር
• “ስቕታ ፈጺሙ እቲ ዘይጠልም ናይ ብሓቂ ዓርኪ እዩ።”- ኮንፊሽየስ
• “ብዛዕባ ሰባት ዝያዳ ምስ ፈለጥኩ፡ ዝያዳ ንኸልበይ ክፈትዎ ጀሚረ።”- ማርክ ትዌን
• “ትልሚ ዘይብሉ ዕላማ፡ ትምኒት ጥራይ እዩ።”- ኣንቶን
• “ንሰባት ምዝንጋዕን ምስሓቕን ኣዝየ እየ ዝፈቱ። ንኸተግብሮ እቲ ዝፈትዎ ነገር’ዩ።”- ሚራንዳ ኮስግሮቭ
• “ኣነ ውጽኢት ኩነታተይ ኣይኮንኩን። ኣነ ውጽኢት ውሳነታተይ እየ።”- ስቲቨን ኮቪ
• “ምዝራብ ኣቋሪጽካ ምዕያይ ጀምር።”- ዋልት ዲዝኒ
• “ዓለምና ሓጐስ ጥራይ ዝስተማቐረላ ነይራ እንተትኸውን ትብዓትን ተጻዋርነትን ኣይምተማሃርናን።”- ሄለን ከለር





ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ጥዕና ጥዕና
ሱሌማን ኣሕመድ

ከም ዕድመ፡ ጾታን ኣመጋግባን
ዝኣመሰሉ ዝተወሰኑ ረቛሒታት፡
ንጸጸረ ሓሞት ሓዊስካ ዝተፈላለዩ
ጸገማት ኣብ ከረጺት ሓሞት ክህልወና
ንዘሎ ተኽእሎታት የዛይዱ እዮም።
መብዛሕትና ጥዕናዊ ኩነታት ከረጺት
ሓሞት ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ኣብ ዕለታዊ
ኣካይዳና ግቡእ ቆላሕታ ኣይንገብርን
ኢና። ኣብኣ ዝፍጠር ዝኾነ ነገር ቃንዛ
ክነስተብህል ምስ እንጅምር ጥራሕ
ኢና ኣድህቦና ክትስሕብ ትጅምር።
ከረጺት ሓሞት ልክዕ ከም ካልኦት
ኣካላትና፡ ኣብ ህይወትና ልዑል
ጥቕሚ እዩ ዘለዋ። ሸለል ክንብላ
ዝግበኣና ኣካል ኣይኮነትን። ጥዕና ዘለዎ
ኣመጋግባ ብምኽታልን ካብ ሕማቕ
ወልፍታት ብምሕራምን ኣብ ጥዕንኣ
ግቡእ ጥንቃቐ ክንገብር ይግበኣና።

ሕማም ከረጺት ሓሞት፡ ንጥዕና
ናይታ ኣካል ንዝጸሉ ኩሉ ዓይነት
ጸገም እዩ ዘጠቓልል። ከም ሳዕቤኑ
እታ ኣካል ክትረክስ፡ ክትዕጾ፡ ክትንድር
ወዘተ ትርአ።
ከረጺት ሓሞት ንእሽቶ ኣካል ናይ
ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ እያ። ኣብ
ጸላም ከብዲ ዝፈሪ ሓሞት ዓቂባ፡ ናብ
ቀጢን መዓንጣ ብምልኣኽ መግቢ
‘ሜታቦላይዝ’ ኣብ ምግባር መስርሕ
ሓገዛ ተበርክት። እታ ንእሽቶ ኣካል ነቲ
ሓሞት፡ ምስ ቀጢን መዓንጣ ብዘራኽባ
ዝተራቐቐ ሻምብቆ እያ ትልእኮ።
ሕማም ከረጺት ሓሞት’ምበኣር፡ ምስታ
ኣካል ባዕላ ወይ ምስቲ ዘራኽቦ ሻምብቆ
ምትእስሳር ኣለዎ። ኣብቲ ሻምብቆ
ዝርአ ምንዳር ወይ ምዕጻው ብቐጥታ
ነታ ከረጺት ይጸሉ። ካብኡ ሓሊፉ ነታ
ከረጺት ምስ ዘራኽባ ካልኦት ኣካላት
ይትንክፍ።

ምልክታት ሕማም ከረጺት
ሓሞት ከከም ዓይነቱ ካብ ሰብ ናብ
ሰብ ይፈላለይ እዩ። እቲ ልሙድ
ምልክታት ግና ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓለለ
እዩ፦

• ኣብ የማናይ ወይ ማእከላይ
ሸነኽ ከስዐ ዝፍጠር ቃንዛ፡
• ኣብ መንጎ ጫፋት ናይ
መንኩብ ዝፍጠር ቃንዛ፡
• ተደጋጋሚ ተምላስን
ዕግርግርን፡
• ተደጋጋሚ ቃንዛ ኣብ
የማናይ ሸነኽ መንኩብ።

ዓይነት ሕማማት ከረጺት ሓሞት

ሕማም ከረጺት ሓሞት ዝኾነ
ንሓሞት ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም ዝገልጽ

ሰፊሕ ኣርእስቲ እዩ። ከረጺት ሓሞት፡
ጸላም ከብዲ ስብሒ ንምሕቃቕ ዝሕግዛ
ፈሳሲ ሓሞት እተፍርን እትኽዝንን
ኣካል እያ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
ብጸገማት ከረጺት ሓሞት ናይ ዝሳቐዩ
ሰባት ብዝሒ ልዕሊ 25 ሚልዮን ከም
ዝበጽሕ መጽናዕትታት የመልክቱ።
ገለ ካብቶም ዓይነት ሕማማት
ከረጺት ሓሞት፦

- ጸጸር ሓሞት (Gallstones)፦ እዚ
እቲ ልሙድ ሕማም ከረጺት ሓሞት
ኮይኑ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጉዳይ እዩ።
በዚ ሕማም እዚ ናይ ዝሳቐዩ ሰባት
ቁጽሪ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ከም
ዝኸይድ መጽናዕትታት የመልክቱ።
ገለ ካብኦም እቲ ሕማም ኣዝዩ ከቢድ
ብምዃኑ ክሳብ መጥባሕቲ ዘድልዮም
ክኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ብሕክምናዊ
ክንክንን ግቡእ ናይ ኣነባብራ ጥንቃቐን
ብምግባር ነቲ ሕማም ክፍውስዎ
ይኽእሉ።
ጸጸር ሓሞት መብዛሕትኡ እዋን
ካብ ኮሌስትሮል ዝእከብ ጸጸር ዝመስል
ተሪር ንጥረ-ነገር እዩ።

- ነድሪ ከረጺት ሓሞት (Cholec-
cystitis Inflammation)፦ እዚ ሓደ
ካብ ምልክት ሕማም ከረጺት ሓሞት
ኮይኑ፡ ሓሞት ዘንዝዕ ሻምብቆ ብጸጸር
ክዕበስ እንከሎ ንዝፍጠር ምቅጻልን
ነድርን የመልክት። እዚ ዓይነት
ጸገም’ዚ ክብድ ዝበለ ኮይኑ ብእዋኑ
ክፍወስ ምስ ዘይክእል ክሳብ መንሽሮን
ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ኣብታ ኣካል
ከስዕብ ይኽእል።

- ጋንግሪን (Gangrene)፦ ጋንግሪን
ብሰንኪ ምቊራጽ ዑደት ደም ዝስዕብ
ሕማማት ናይ ልስሉስ ኣካሊት እዩ።
ነድሪ ከረጺት ሓሞት ካብ ዝፈጥሮ
ዝኸበደ ሕልኽላኽ’ምበኣር ጋንግሪን
እዩ። ብሰንኪ’ዚ ጸገም’ዚ ዝፍጠር
ምሕባጥ፡ ምስ ግዜ ከረጺት ሓሞት
ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክትክውን ትኽእል
እያ።

- መንሽሮ ከረጺት ሓሞት (Gallb-
bladder Cancer)፦ ኣብ ከረጺት
ሓሞት ዝፍጠር መንሽሮ ብዙሕ’ኳ
እንተዘይኮነ፡ ነቲ ጸገም ግቡእ ቆላሕታ
ምስ ዘይንገብረሉ ግና ንዝበኣሰ ጥዕናዊ
ጸገም ከም ዘቃልዓና ምግንዛብ ኣገዳሲ
እዩ። ኣብ ከረጺት ሓሞት ዝፍጠር
ጸገም ናብ መንሽሮ ክምዕብል እንከሎ፡
ከቢድ ቃንዛ ኣብ ልዕሊ ከስዐ፡ ሕማም
ወይቦ፡ ከምኡ’ውን ሕበጥ ኣብ ከባቢ

ከስዐ ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ።

- ‘ቢሊያሪ ዳይስኪነሺያ’ (Biliary
Dyskinesia)፦ እታ ከረጺት ሓሞት
ከተንዝዕ ምስ ዘይትኽእል ዝፍጠር
ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

- ‘ጋልብላደር ፖሊፕስ’ (Gallb-
bladder Polyps)፦ ኣብ ውሽጣዊ
ቀጸላ ከረጺት ሓሞት ብዝርአ ዘይንቡር
ንጥፈታት ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ።
95 ሚእታዊት ናይዚ ዓይነት ጸገማት
ብዙሕ ጉድኣት ዘውርዱ ኣይኮኑን፡
እቶም 5 ሚእታዊት ግና ክሳብ ሕማም
መንሽሮ ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም።

ጠንቂ ሕማም ከረጺት ሓሞት
ዝኾኑ ዓበይቲ ጉዳያት

ኩሉ ሰብ ሕማም ከረጺት ሓሞት
ከማዕብል ዝኽእል’ኳ እንተኾነ፡ እቲ
ሕማም ክህልወካ ዝገብሩ ገለ ረቛሕቲ
ግና ኣለዉ። ገለ ካብኦም፦

ጓለንስተይቲ ምዃን

ደቂ ኣንስትዮ ብሕማም ከረጺት
ሓሞት ክጥቅዓ ዘለወን ተኽእሎ
ካብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ብኽልተ
ዕጽፊ ዝዛየደ እዩ። ኣብ ነፍሰ-ጾርን

ናይ ሆርሞን ምትኽኻእ ፍወሳ ኣብ
እትወስድ ጓለስተይትን እቲ ተኽእሎ
ዝያዳ ዝዓበየ ይኸውን። እዚ ክኸውን
ዝኸኣለ ኣብዘን ከምዚ ዓይነት ደቂ
ኣንስትዮ ዘሎ መጠን ናይ ‘ኤስትሮጀን’
(estrogen) ዝለዓለ ብምዃኑ እዩ።
‘ኤስትሮጀን’ ነድሪ ሓሞት ዘጋድድ
ሆርሞን ኮይኑ፡ ሕማም ከረጺት ሓሞት
ንኽፍጠር ዝለዓለ ጠንቂ ኮይኑ እዩ
ዝጥቀስ።

ዕድመ ምድፋእ

ጸገም ከረጺት ሓሞት ካብ 60
ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ኣብ ዝርከቡ
ሰባት ልሙድ ሕማም እዩ። ልዕሊ
ፍርቂ 70 ዓመት ዕድመ ዝረገጹ ሰባት
ሕማም ከረጺት ሓሞት ከም ዘማዕብሉ
ሓያሎ መጽናዕትታት የረጋግጹ። ምስ
ዕድመ ከረጺት ተፍርዮ ሓሞት ዝዛየደ
ስለ ዝኸውን፡ ከም ጸጸር ሓሞትን
ነድርን ዝኣመሰሉ ጸገማት ኣብታ ኣካል
ክፍጠር ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።
ኣነባብራ ልምድታት

ገለ ካብ እንኽተሎም ናይ
ኣነባብራ ልምድታት ጸገም ከረጺት
ሓሞት ከነማዕብል ጠንቂ ይኾኑና
እዮም። ልዑል ኮሌስትሮል፡ ልዑል
ስብሒ ከምኡ’ውን ትሑት ጽሕጊ
(fiber) ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት
ብብዝሒ ንወስድ ምስ እንኸውን
ብሕማም ከረጺት ሓሞት ክንጥቃዕ
ዘለና ተኽእሎ ብ20 ሚእታዊት ዝዛየደ
ምዃኑ መጽናዕትታት የመልክቱ።
ገለ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ
እንተኾይኑ፡ ኣብ ስጋን ኣብ ዓሳን
ዝርከብ ኣይረን
ብብዝሒ ምውሳድ
ኣብ ምምዕባል ጸጸር
ከረጺት ሓሞት ልዑል
ተራ እዩ ዘለዎ።
ብዙሕ ሰዓታት
ኮፍ ኢልካ ምውዓል
ንባዕሉ ጠንቂ ሕማም
ከረጺት ሓሞት
ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ።
በንጻሩ፡ ጥዕና ዘለዎም
ከም ኣሕምልቲን
ፍረታትን ዝኣመሰሉ
መግብታት ምምጋብ፡
እቲ ዝግበኣካ ክብደት
ሰብነት ምዕቃብ፡
ከምኡ’ውን ቀጻሊ
ምውስዋስ ኣካላት
ምክያድ ብሕማም ከረጺት ሓሞትን
ንኸይትጥቃዕ ክተዘውትሮ ዝግባኣካ
ናይ ኣነባብራ ልምድታት እዮም።

ምኽሳዕ

ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት
ምውናን ወይ ከሳዕ ምዃን እቲ ካልእ
ብሕማም ከረጺት ሓሞት ክትጥቃዕ
ዝገብር ረቛሒ እዩ። ልዕሊ ንቡር
ክብደት ምስ እትውንን፡ ጸላም ከብዲ
ብብዝሒ ኮሌስትሮል ብምፍራይ
ናይ ከረጺት ሓሞት ክትልእኮ እያ
እትግደድ። ልዑል ኮሌስትሮል ድማ
ንሻምብቆ ከረጺት ሓሞት ብምዕጋት፡
እታ ኣካል ብግቡእ ስርሓ ከይተካይድ
ዕንቅፋት ይኾና። ኣብ ከምዚ ኩነት
ሕማም ከረጺት ሓሞት ክምዕብል
ይኽእል።

ሰረት ተወርሶ (Genes)
ሕማም ከረጺት ሓሞት ብሰረት
ተወርሶ ክጽሎ ይኽእል እዩ። እዚ

ማለት ካብ ስድራ ናብ ስድራ
ይመሓላለፍ እዩ። መጽናዕትታት ከም
ዘመልክትዎ፡ ነቲ ሕማም ብዝምልከት
ካብ ዝቐርቡ ጥርዓናት እቶም ሓደ
ርብዒ ብተወርሶ ዝመጹ እዮም።
ንተኽእሎ ሕማም ከረጺት
ሓሞት ከዛይዱ ዝኽእሉ ብተወርሶ
ካብን ናብን ስድራ ዝመሓለልፉ 12

ዝተፈላለዩ ሰትረት (gene) ከም ዘለዉ
ክኢላታት ይገልጹ።

ሕማማት

ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም ሃልዩካ
ቀጻሊ ሕክምናዊ ፍወሳ ትገብር ምስ
እትኸውን ብሕማም ከረጺት ሓሞት
ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ
ዝገብሮ። ገለ ካብቶም ሕማም ከረጺት
ሓሞት ከዛይዱ ዝኽእሉ ሕማማት
ንምጥቃስ፦
• ዋሕዲ ደም - ኣነሚያ፡
• ሕማም ጸላም ከብዲ -
ወይቦ፡
• ሕማም ሽኮር፡
• ምኽሳዕ።

ሕክምናዊ ፍወሳ
ሕማም ከረጺት ሓሞት ከማዕብሉ
ዝኽእሉ ሕክምናዊ ፍወሳ፦
• ንመከላኸሊ ጥንሲ ወይ
መተካእታ ሆርሞን ተባሂሉ ብኣፍ
ዝወሰድ መድሃኒት። እዚ መድሃኒት
እዚ ‘ኤስትሮጀን’ ዝተባህለ ሆርሞን
ዘለዎ እዩ።

• ‘ትሪግሊሰራይድ’ (triglyce-
eride) ዝተባህለ ዓይነት ኮሌስትሮ
ንምጥፋእ ዝውሰድ ‘ፊብሬትስ’ (Fib-
brates) ዝተባህለ መድሃኒት።
• ‘ሴፍቲሪያክሶን’ (ceft-
triaxone) ዝተባህለ ጸረ - ነፍሳት
መድሃኒት።
• ልዑል ጸቕጢ ደም
ንምሕካም ዘገልግል፡ ብዙሕ ዘሽይን
‘ታያዚድ’ (Thiazide) ዝበሃል ዓይነት
መድሃኒት ከም ኣብነታት ክጥቀሱ
ይከኣል እዩ።

ካልኦት ጠንቅታት
• ነፍሰ-ጾር ምዃን፡
• ቅልጡፍ ዝኾነ ምጉዳል
ክብደት ሰብነት ምርኣይ፡
• መጉዳእቲ ዕትብቲ ዓንዲ
ሕቖ ዘለዎ ሰብ ምጥቃስ ይከኣል።

ሕማም ከረጺት ሓሞት ዘለዓዕሉ ዓበይቲ ጉዳያት



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

ስፖርት
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ተዛዚሙ
ንኣስታት ሓደ ወርሒን ሰሙንን
ክካየድ ዝጸንሐ ውሽጣዊ ውድድራት
ስፖርት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብ30
ጥቅምቲ ኣብ ፈንቅል ኣየር ቤይዝ
ምጽዋዕ ተዛዚሙ።
ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ናይ ፍጻመ
ጸወታ ዝተራኸባ ጋንታታት ደቂ
ተባዕትዮ ሕድሪን ዊናን ነይረን።
ዊና፡ ቀዲማ መሪሕነት ዘትሓዘታ
ሸቶ ኣቑጸረት። ሕድሪ’ውን
ኣይሓመቐትን፡ እተመዓራርያ ሸቶ
ኣመዝገበት፣ ናብ ዕረፍቲ ድማ 1ብ1
ወጺአን።
ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ
ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ናብ ፍጹም
ቅላዕ ኣምሪሐን። ሕድሪ ከኣ፡ 4ብ3

ተዓዊታ ዋንጫ ዓቲራ።
በዚ መሰረት፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ደቂ

ኣንስትዮ - ዊና፡ ሕድሪን ሓሊበትን፣
ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ሕድሪ፡ ዊናን

ጽንዓትን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ
ኮይነን ወዲአን።
ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ብደቂ
ኣንስትዮ መሰረት፡ ጸሓይ በርቂን
ሕድሪን፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጸሓይ
በርቂ ሕድሪን ሮኬትን ተዓዊተን።
ኣምና ኢብራሂም ካብ ዊና፡
ኤስሮም መሓሪ ካብ ፈንቅል ብሉጻት
ተጻወትቲ ክበሃሉ እንከለዉ፡ ኣምና
ኢብራሂም ናይ ዊና ብ20 ሸቶ፡
ናሆም ተኽላይ ካብ ሕድሪ ብ14 ሸቶ
ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ፣ ጋንታ መሰረት
ድማ፡ ናይ ጠባይ ዋንጫ ተሸሊማ።
ብዅሉ ዓይነታት ውድድራት

ብዘዋህለለቶ ነጥቢ፡ ጋንታ ጸሓይ
በርቂ ጎብለል ብምዃን ዓባይ ዋንጫን
ገንዘባዊ ሽልማትን ተበርኪቱላ።
ናይ ሎሚ ዓመት ውድድራት
ሓይሊ ኣየር፡ ሓሙሽተ ዓይነት ስፖርት
ማለት ኵዕሶ እግሪን መርበብን፣
ኣትለቲክስ፣ ጨመተ-ተዅሲን ቸዝን
ብኽልቲኡ ጾታ ዘጠቓልልን ሸሞንተ
ጋንታታት ዝሓዘን ነይሩ። ቀዳማይ
እብረ ጸወታታት ኣብ ኣስመራ ክካየድ
እንከሎ፡ ካልኣይ እብረን መዛዘሚን
ድማ፡ ኣብ ባጽዕ ፈንቅል ኣየር ቤዝ
ምስ ኵነታት ኣየር ብዝጥዕም ኣገባብ
ከምዝተሰላሰለ ተሓቢሩ።

ዶልሺ፡ ሻውዐይቲ ኣትያ
ኦሎምፒካዊት ኣትለት - ዶልሺ ተስፉ፡ ሰንበት 1 ሕዳር ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 2026 ‘ኢስታንቡል ማራቶን’፡ ሻውዐይቲ ኣትያ።
ዶልሺ፡ ነቲ ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ ንመበል 48 ግዜኡ ዝተኻየደ
ናይ 42.195 ኪሎሜተር ውድድር፡ ብ2 ሰዓት 30 ደቒቕን 5 ካልኢትን ዛዚማቶ።
ኢትዮጵያዊት ኣትለት ባዘ ኣየነው፡ ብ2 ሰዓት 24 ደቒቕን 38 ካልኢትን፡ ወርቂ መዳልያ ኣንጠልጢላ።

ኣርሰናል፡ ድሕሪ 14 ዓመታት ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ዘዐወታ ስልቲ . . .

ኢሳቕ፡ ብቲምበር ዝተወጠጠላን ሊቨርፑል ፍጹም ቅላዕ ከምእትግበኣ ዝገለጸትላን ፍጻመ

ናይ ዓሚ ሻምፕዮንስ ፕሪመር ሊግ
እንግሊዝ ዝኾነት ኣርሰናል፡ ሰንበት ናብቲ
ንዝሓለፈ 14 ዓመታት ክትዕወተሉ
ዝኣገማ ስታድዩም ኣንፊልድ ተጓዒዛ፡
ንሊቨርፑል ብምርታዕ ታሪኻዊ ዓወት
ኣመዝጊባ።
ዓወት ኣርሰናል ታሪኻዊ ዝገበሮን
ቆላሕታ ዘውሃቦን ምኽንያት፡ ኣብቲ
ስታድዩም ካብ ዘይትዕወት 14
ዓመታት ብምቝጻራ እያ። እዛ ጋንታ፡

ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2012 ብኣርሰን
ቨንገር እናተመርሐትን ናይ ሕጂ
ዓላሚኣ ሚኬል ኣርቴታ ተጻዋታይ ኣብ
ዝነበረሉን እያ፡ ኣብ ስታድዩም ኣንፊልድ
2ብ0 ተዓዊታ። ድሕሪ’ቲ ናይ ወርሒ
መስከረም ዓወታ፡ ኣብ ዘካየደቶም 13
ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት፡ ኣብ ሸሞንተ
ተሳዒራ፡ ኣብ ሓሙሽተ ማዕረ ወጺኣ።
ብሓፈሻ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት፡
ኣብ 16 ግጥማት ኣይተዓወተትን።
ሰንበት ግና፡ ኣብ
መበል 16 ደቒቕ፡
ካይ ሃቨርትዝ፡
ካብ ደክላን ራይስ
ንዝተዓጸፈትሉ ዕድል
ናብ ሸቶ ቀይሩ፡ ናይ
14 ዓመታት ጽምኢ
ዓወት ጋንታኡ ኣብዚ
ስታድዩም ኣጥሊሉ።
- ታክቲካዊ
ኣቀራርባ ሊቨርፑል
* ምዕባለ
መጥቃዕቲ (Attacki-
ing Build-up)፡
ሊቨርፑል ነቲ ጸወታ
ተቖጻጺራ ጸቕጢ
ብምፍጣር፡ ሸቶታት
ንምምዝጋብ ልዑል

ድሌት ነይሩዋ፣ ጽዒራ’ውን እያ።
ይኹን እምበር፡ ንኣገባብ ምክልኻል
ኣርሰናል፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ
ታሕተዋይ ክፋል ልዳታ ሓደ ሓደ

እዋን ኣብ ማእከላይ ክፋል ሜዳ (Low
Block ሓደ ሓደ ግዜ Mid-Block)፡
ተጻወትቲ ሊቨርፑል ሓሊፎም ሸቶ
ከመዝግቡሉ ተሸጊሮም እዮም -
ነተን ሓላዊ ልዳት ራያ ዘድሓነን ገለ
ፈተነታት ከይረሳዕና ማለት’ዩ።
* ጎድናዊ ምንቅስቓስ ወይ ናይ ክንፊ
መጥቃዕቲ (Flank Play) ሊቨርፑል፡
መብዛሕትኡ ብብራድሊ ባርኮላን ኮዲ
ጎክፖን ንመስመር ምክልኻል ኣርሰናል
ክጥሕስ ፈቲኑ እዩ። ናይ ኣርሰናል ናይ

ክልተ ጸግዒ ምክልኻል ግና (Full-
backs) ማለት ካላፊዮሪን ቲምበርን፡
ምስቶም ተደሪቦም ዝሕግዝዎም ዝነበሩ
ደቂ ጋንታኦም ብምዃን፡ ክህንደሱ
ንዝኽእሉ ዕድላት ቀኒሶሞ እዮም።
- ታክቲካዊ ኣቀራርባ ኣርሰናል
* ጽኑዕን ውዱብን ኣገባብ ምክልኻል፣
ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ሚኬል ኣርቴታ፡
ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ንዝፍጠር ጸቕጢ
ተረዲኡ፡ ጋንታኡ ብዝለዓለ ዲሲፕሊን
ክትጻወት ሰሪሑ እዩ። ብፍላይ መስመር
ምክልኻል ብዘይ ዝኾነ ክፍተት
ተገዲሙ ንተጻወትቲ ሊቨርፑል

ዝኾነ ናጻ ቦታ ንዘይምፍጣር ዘርኣዮ
ስራሕ፡ የዐዊትዎ እዩ። ብብዙሓት
ተንተንቲ’ውን ተወዲሱ።
* ቅልጡፍ መልሰ መጥቃዕቲን
ምስግጋር ኵዕሶን፣ ኣርሰናል ኵዕሶ ምስ
ተቖጻጸረት፡ ብቅልጡፍ ናብ ቅድሚት
ብምስግጋር፡ ዕድላት ክትፈጥር ትፍትን
ነይራ። እንኮን መዐወቲትን ሸቶኣ’ውን፡
ተጻወትቲ ሊቨርፑል ክሃንጹዎ ዝሓሰቡ
ኵዕሶ (ጸወታ)፡ ብሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል
- ኦደጋርድ ኣብ ከባቢ ልዳት ተኾሊፋ
ብቅልጡፍ ናብ ጸወታ ኣርሰናል
ዳግማይ ምስ ኣተወት፡ ድሕሪ ክልተ
ምቅብባል ዝበጽሓቶ ራይስ ምስ ዓጸፋ
እያ፡ ሃቨርትስ ዘመዝገባ።
- ናይ መን ታክቲክ ተዓዊቱ፧
ናይ ኣርሰናል ወይ ናይ ኣርቴታ
ስትራተጂን ታክቲክን ተዓዊቱ እዩ።
ክንዮ ዓወት ከኣ፡ ኣርሰናል፡ ኣብቲ
ክትዕወተሉ ዝኸብዳ ስታድዩም ዝነበረ
ጸቕጢን ታሪኻዊ ጸብለልታን ተጻዊራን
ኣምኪናን፡ ሓዲሽ ጉዕዞ ፈሊማ ኣላ።
- ኣብቲ ጸወታ ዝነበረ ውሳነ ዳንነት፡
* ኣከራኻሪ ውሳነታት፣ ኣብ ከም
ኣንፊልድ ዝኣመሰሉ ልዑል ጸቕጢ
ዝፍጠረሎም ስታድዩማት እሞ ከኣ
ክልተ ዓበይቲ ክለባት ዝራኸባሉ ግጥም፡
ብዙሕ ግዜ ኣካታዒ ውሳነ ክወሃብ

ይርአ እዩ።
ዳኛ፡ ኣብቲ ናይ ሰንበት ብዙሕ
ኣካላዊ ጎነጽ ዝተሓወሶ ጸወታ፡
ብሓፈሻዊ ኣቀራርባኡ ጸወታ ካብ
ቁጽጽር ወጻኢ ከይከውን ንነፍሲ ወከፍ
ፍጻመታት ብጥብቂ ክቆጻጸሮ ፈቲኑ
እዩ። ኣብ ገለ በደላት ግና፡ ክወሃቦም
ዝግባእ ዝነበረ ግብረ መልሲ ኣይሃበን
ዝብል ርእይቶ ኣሎ።
* ተራ ተሓጋጋዚ ቪድዮ ዳንነት
(ቫር)፡ ኣብ ገለ በደላት ንምንታይ
ጣልቃ ኣትዩ ዳግማይ ክረኣዩ ዘይገበረ፡
ሕቶ ኣለዓዒሉ ይርከብ። ብፍላይ
ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል - ኣሌክሳንደር
ኢሳቕ፡ ኣብ ውሽጢ ልዳት መቕጻዕቲ

(Penalty Box) ናብ ልዳት ኣብ
ዝተሻመወት ኵዕሶ ብርእሱ ክሃርማ
ኣብ ዝፈተነሉ፡ ብተጻዋታይ ኣርሰናል -
ቲምበር ተወጢጡ እናሃለወ፡ ንምንታይ
ቫር ዳግማይ ዘይረኣዮ፡ ንሊቨርፑል
ብፍጹም ኣይተዋሕጠላን።
በዚ ኮይኑ በቲ ግና፡ ዝሓለፈ ሰሉስ
ካብ ትጽቢት ወጻኢ ብናይ ራብዓይ
ዲቪዥን ክለብ ፍሊትዉድ ካብ ካራባኦ
ካፕ ዝተገለፈት ኣርሰናል፡ በዚ ኣብ
ልዕሊ ሊቨርፑል ዘመዝገበቶ ዓወት፡
ሞራላ ኣበሪኻ ናብ ከተማኣ ለንደን
ተመሊሳ ኣላ፣ መሪሕነት ፕሪመር ሊግ
ድማ ሒዛ ትርከብ።

ከረን - ጸወታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ቀጺሉ
ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ቀዳማይ
ዲቪዥን ከተማ ከረን ቀዳመ ሰንበት
ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ጋንታታት ዳርሰላምን
ደንደንን ብዓወታተን ክግስግሳ
እንከለዋ፡ ገዛ ባንዳ ክልተ ነጥቢ
ከሲራ።
ቀዳም፡ ደሴት ንደንደን ዝዓደመትሉ
ጸወታ፡ ብያስር ዓብደልሸኽ ሸቶ
ረኺባ መሪሕነት ሒዛ። እንተኾነ፡
ደንደን ዕረፍቲ ኣብ ምእካሉ ክልተ
ሸቶታት ካብ ራኢ ፍጹም ኣመዝጊባ

መሪሓ ወጺኣ።
ድሕሪ ዕረፍቲ’ውን ደንደን፡ ካብ
ኖሆም፡ ሰናይን ራኢን ሰለስተ ሸቶታት
ብምውሳኽ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ፡
ብገፊሕ 5ብ1 ተዓዊታ፡ መሪሕነት
ካብ ዳርሰላም ተቐቢላ። ሃትሪክ
ዝሰርሐ ኣባላ ራኢ ፍጹም፡ ብሉጽ
ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰይሙ።
ስዒቡ ዝቐረበ ግጥም ብደንደን
መሪሕነታ ዝተመንጠለት ዳርሰላም
ምስ ከረን ጀዲድ ዘካየዳኦ ነይሩ።
ክሳብ 59 ደቒቕ ሸቶ ዘይተራእዮ
ምንቅስቓስ ድሕሪ ምክያድ፡ ከረን
ጀዲድ ኣብ ልዳታ ብዝፈጸመቶ በደል
ፍጹም ቅላዕ ተዓድያ። ሓምዛ ዓሊ
ሃሪሙ ድማ፡ ንጋንታኡ ዳርሰላም
መሪሕነት ኣትሓዛ። መሕሰን
መሓመድዓሊ ሸቶ ብምውሳኹ ከኣ፡
ዳርሰላም 2ብ0 ተዓዊታ፣ ኣቐዲማ
ደንደን ንዝመንጠለታ መሪሕነታ
ኣምሊሳ። ተጻዋታያ ናትናኤል ኣነንያ፡
ብሉጽ ናይ’ቲ ጸወታ ተባሂሉ።
ሰንበት፡ ኣልነጅምን ኣስሙድን

ፈለማ ተጻዊተን። ካብ ኣልነጅም
- ተስፋጋብር ንኣምን፡ ካብ
ኣስሙድ - ዓብድለጢፍ መሓመድ
ብዘመዝገቡወን ሸቶታት ንዕረፍቲ
1ብ1 ወጺአን።
ድሕሪ ዕረፍቲ’ውን፡ ክልቲኦም
ተስፋጋብርን ዓብድለጢፍ ሓሓንቲ
ሸቶታት ወሲኾም፡ ጸወታ 2ብ2
ተወዲኡ። ተስፋጋብር ንኣምን ካብ
ኣልነጅም ብሉጽ ናይ’ቲ ግጥም
ተረቚሑ።
ግጥም ኢትዓብርን ገዛ ባንዳን ስዒቡ

ተሰላሲሉ። ኣብ መበል 11 ደቒቕ
ኣዛሄል ኣብርሃም፡ ካብ ናይ መኣዝን
ቅላዕ ዝዓጸፋ ብልጽቲ ኵዕሶ ናብ
ሸቶ ብምቕያራ፡ ገዛ ባንዳ ብኣጋኡ
መሪሕነት ሒዞም። በዚ ዝሰንበደት
ኢትዓብር መጥቃዕታ ብምሕያል
ብመንገዲ ሄኖስ ኣማኒኤል ኣቢላ
ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ መሪሓ
ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ።
ካልኣይ እብረ፡ ገዛ ባንዳ ብዘርኣየቶ
ጻዕሪ፡ ግዜ ኣብ ምእካሉ ብሮቤል
ስዩም ሸቶ ረኺባ፡ ጸወታ ከኣ፡ 2ብ2
ተፈጺሙ። ኣዛሄል፡ ብሉጽ ናይ’ቲ
ግጥም ኮይኑ።
ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን፡
ዝመጽእ ሰሙን ክቕጽል ምዃኑ፡
ወኪል ዜና ናይ’ታ ከተማ ሓቢሩ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ
ሻምፕዮንስ ሊግ - ራብዓይ ናይ
ሊግ ጸወታ
ጋላታሳራይ - ሽቱትጋርት 8፡45 ድ.ቀ
ሻክታር ዶነስክ - ስፖርቲን 8፡45 ድ.ቀ
ኣትለቲኮ ማድሪድ - ባየር ሙኒክ 11፡00 ድ.ቀ
ባርሴሎና - ኣስቶን ቪላ 11፡00 ድ.ቀ
ቦዶ - ሊል 11፡00 ድ.ቀ
ፈይኑርድ - ኢንተር ሚላን 11፡00 ድ.ቀ
ላስክ - ስሎቫን ብራቲስላቫ 11፡00 ድ.ቀ
ማን ዩናይትድ - ሮማ 11፡00 ድ.ቀ
ቪያሪያል - ፒኤስጂ 11፡00 ድ.ቀ

ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ 200141

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ 03/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.55 3 ሕዳር 2026 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

“መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ዝሓጸረ መዓልታት ክኽፈት ይኽእል’ዩ” ኢራን
ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን
እስማዒል ባጋይ ትማሊ ሰኑይ፡ ኣብ ዝሃቦ
መግለጺ፡ ኣመሪካ ንሕጋዊ ጠለባት ሃገሩ
ከተተግብር እንተ ተሰማሚዓ፡ መጻብቦ
ሆርሙዝ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት
ክኽፈት ከም ዝኽእል ሓቢሩ።
እቲ ኣፈኛ ኣብ ጣህራን ኣብ ዝሃቦ
ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ጸጥታ መጻብቦ
ሆርሙዝ ናብ ንቡር ክምለስን ንኲናት
ኢራን ብዝምልከት ዘተ ከኣ ኣብ ዝሓጸረ

እዋን ክጅምርን እንተ ደኣ ኮይኑ፡
ኣመሪካ ነቲ ብሃገሩ ዝቐረበላ
ጠለባት ክትቅበሎ ጸዊዑ።
ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩ ዘቕረበቶ
ጠለባት፡ ንጹር፡ ምኽንያታውን
ስነ ሞጎታውን ምዃኑ ድሕሪ
ምግላጽ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን
ወሲናቶ ዘላ ናይ ባሕሪ ዕጽዋ
ምስ ዘይተልዕሎን ንጠለባታ ምስ
ዘይተማልእን ግን፡ እቲ መጻብቦ ከም

ዘይክፈትን ንመራኽብ ከኣ ውሑስ ከም
ዘይከውንን ኣጠንቂቑ።
ጎድኒ ጎድኒ እቲ ዝሓለፈ 22 መስከረም
ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝተኻየደ
ሓፈሻዊ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት፡ ኢራን ነቲ
ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዘሎ ግጭት ደው
ንምባል፡ ከምኡ’ውን ንመጻብቦ ሆርሙዝ
ንምኽፋት ዝሕግዙ ቅድመ ኩነታት ዝሓዘ
እማመ ብመንገዲ መንጎኛታት ኣቢላ ናብ
ምምሕዳር ትራምፕ ምልኣኻ ይዝከር።

ኣመሪካን ኢራንን፡ ካብ ዝሓለፈ ቀዳም
ክሳብ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ከተማ ዶሓ -
ቀጠር ዘይቀጥታዊ ዝርርብ’ኳ እንተ ኣካየዳ፡
ኣብ ፍረ ግን ክበጽሓ ከም ዘይከኣላ እዩ
ዝግለጽ ዘሎ።
ብ28 ለካቲት፡ እስራኤልን ኣመሪካን ኣብ
ልዕሊ ኢራን ድሕሪ ዝጀመራኦ ልፍንታዊ
መጥቃዕቲ፡ ኢራን ነቲ 20 ሚእታዊት ካብ
ነዳዲ ዓለምና ዝሓልፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ
ምዕጻዋ ኣይርሳዕን።

ኣመሪካ፡ ንዩክሬን ናይ 2 ቢልዮን ዶላር መከላኸሊ ሚሳይል ክትሸጠላ መዲባ
ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ዩክሬን
2.1 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ መከላኽሊ
ሚሳይላት ካብ ኣመሪካ ክትሽምት ከም
ዝፈቐደ ተሓቢሩ።
ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና፡ ዩክሬን ነቲ
ኣብ መኽዘን ኣጽዋራታ ዝነበረ ብርክት
ዝበለ ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነ መከላኸሊ
ሚሳይላት ከም ዝወደኣቶ ድሕሪ
ምሕባረን እዩ እቲ ክፍሊ ነቲ ፍቓድ
ዝህብ ዘሎ።
ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡
መንግስቲ ዩክሬን፡ ‘PAC-3’ ዝዓይነቱ
500 ዝተራቐቐ መከላኸሊ ሚሳይላት፡
ከምኡ’ውን ንመወንጨፊ እቲ

መከላኸሊ ሚሳይል ዘገልግል መቀያየሪ
ኣቕሑ ክወሃቦ ሕቶ ኣቕሪቡ ምጽንሑ
ገሊጹ።
እቲ ክፍሊ ኣስዒቡ፡ እቲ ንዩክሬን
ክወሃብ ተፈቒዱ ዘሎ መከላኸሊ
ሚሳይላት፡ በቲ ካብ ካናዳ፡ ጀርመንን
ኖርወይን ዝወሃብ ገንዘባዊ ድጋፍ
ክሽፈን ምዃኑ ኣረዲኡ።
ኣመሪካ፡ ዝበዝሐ ሚእታዊት ካብቲ
ኣብ መኽዘን ኣጽዋራታ ዝነበረ
ዝተራቐቐ መከላኸሊ ሚሳይላት፡ ኣብ
ኲናት ኢራን ከም ዝተጠቕመትሉ
እዮም ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም
ወገናት ዝገልጹ።

ይኹን’ምበር፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ
ዶናልድ ትራምፕ፡ ንምጽንቃቕ
ናይቲ መከላኸሊ ሚሳይል ኣመልኪቱ
ዝተዋህበ ሓበሬታ ግጉይ ምዃኑ
ብምሕባር፡ ኣብ መኽዘን ኣጽዋር ሃገሩ
ዘሎ ብዝሒ ሚሳይላት ደረት ከም
ዘይብሉ እዩ ዝገልጽ።
ኣመሪካ፡ መስርሕ ምርኽኻብ
ናይቲ ናብ ዩክሬን ክትልእኮ ወሲና
ዘላ መከላኸሊ ሚሳይላት፡ ኣብ ቀረባ
ዓመታት ክጅምር ምዃኑ’ውን
ኣፍሊጣ ኣላ።
ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር
ዘለንስኪ፡ ብውሳነ ኣመሪካ ሕጉስ

ምዃኑ’ኳ እንተ ገለጸ፡ ሃገሩ ነቲ መበርዓኒ
ሚሳይላት ክሳብ እትርከቦ ንዓመታት

ምጽባይ ከጸግማ ምዃኑ
ኣነጺሩ።
ፕረዚደንት ዘለንስኪ
ወሲኹ፡ ወሰንቲ
ትሕተ ቅርጺታት
ሃገሩ ብተደጋጋሚ
ወተሃደራዊ ዒላማ
ሩስያ ይኾኑ ምህላዎም
ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሃገራት
ኤውሮጳን ኣመሪካን
ነቲ መበርዓኒ ሚሳይላት
ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ
ሃገሩ ክልእካኦ ዘኽእለን
መንገዲ ከናድያ ድማ ተማሕጺኑ።

ሰ/ኮርያ፡ ንሓባራዊ ልምምድ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ነቒፋ

ኡጋንዳ ካብ ሶማል ወተሃደራታ ትስሕብ

ኡጋንዳ፡ ነቶም ንከባቢ 20 ዓመታት ኣብ
ሶማል ዓስኪሮም ዝጸንሑ ወተሃደራታ
ክትስሕብ ከም ዝጀመረት ሓቢራ።
ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ኡጋንዳ ጀነራል
ሙሁዚ ካይነሩጋባ፡ ኣብ ሶማል ዓስኪሮም
ዝጸንሑ ወተሃደራቱ ክወጽኡ ከም
ዝጀመሩ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ሓላፍነት
ጸጥታ ሶማል ንሰራዊት ናይታ ሃገር ከም
ዘረከብዎም ገሊጹ።
ጀነራል ሙሁዚ ወሲኹ፡ እቲ
ወተሃደራት ናይ ምስሓብ መስርሕ
በብደረጃታት ክካየድ ምዃኑ ድሕሪ
ምግላጽ፡ ኣብ 2027 ክዛዘም ትጽቢት
ከም ዘሎ ሓቢሩ።
ይኹን’ምበር፡ ኡጋንዳ፡ ነቶም ምስ
ሶማል ብዝበጽሓቶ ክልተኣዊ ስምምዕ
መሰረት ናብታ ሃገር ዝለኣኸቶም ካልኦት

2 ሽሕ ወተሃደራታ ከም ዘይትስሕቦም
ኣነጺራ ኣላ።
ኡጋንዳ፡ ከም ኣካል ‘ተልእኾ ሕብረት
ኣፍሪቃ ኣብ ሶማል’፡ 4500 ወተሃደራት
ኣብታ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር

ምዕስካራ ምንጭታት ይሕብሩ።
ኡጋንዳ፡ ብመሰረት ትእዛዝ እቲ ኣብ
2007 ዝተመስረተ ‘ተልእኾ ሕብረት
ኣፍሪቃ ኣብ ሶማል (ኣሚሶም)’፡ ነቲ
ኣብ 2004 ናብ ስልጣን ዝደየበ
መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል
ካብ እስላማውያን ዕጡቓት
ጉጅለታት ንምክልኻል፡
ቅድሚ 20 ዓመት
ወተሃደራታ ናብታ ሃገር ከም
ዘዋፈረት ይፍለጥ።
ሶማል፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት፡
ምስ ኣልቃዒዳን ኣልሸባብን
ምትእስሳር ምስ ዘለዎም
ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ
ግጭት ተጸሚዳ ምህላዋ፡
ጸብጻባት የምልክቱ።

ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ኢቦላ ልዕሊ 5 ሽሕ በጺሑ

ኣብ ደሞክራስያዊት
ሪፓብሊክ ኮንጎ፡
ብሰንኪ’ቲ ካብ
ዝሓለፈ ግንቦት
ዝተኸስተ ሕማም
ኢቦላ ዝሞቱ ሰባት
ልዕሊ 5 ሽሕ ከም
ዝበጽሐ ተሓቢሩ።
ኣብታ ሃገር፡ ዛጊት
10,351 ሰባት በቲ
ለበዳ ተለኺፎም ከም
ዘለዉ ዝገለጸ ሚኒስትሪ ጥዕና ኮንጎ፡
መጠን ሞት ኣብ ዝተለኽፉ ግዳያት
ከኣ ናብ ኣስታት 50 ሚእታዊት ደይቡ
ምህላዉ ኣረዲኡ።
ብመሰረት ጸብጻብ ናይቲ ሚኒስትሪ፡
ኣብ 2018ን 2020ን፡ ኣብ ምብራቓዊ
ክፋል ናይታ ሃገር ብዝተኸስተ
ተመሳሳሊ ለበዳ ካብ ዝተለኽፉ 3,480
ሰባት፡ እቶም 2,290 ሞይቶም እዮም።
እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ለበዳ ኢቦላ፡

ኣቐዲሙ ብደረጃ ዓለም ካብ ዘጋጠመ
ተመሳሳሊ ለበዳ፡ ካልኣይ ዝዓበየ ሰብኣዊ
ክሳራ ዘውረደ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።
ካብ 2014 ክሳብ 2016 ኣብ ዞባ
ምዕራብ ኣፍሪቃ ብዝተኸስተ ለበዳ
ኢቦላ፡ 28,600 ሰባት ክልከፉ እንከለዉ፡
ልዕሊ 11 ሽሕ ሰባት ከኣ ምማቶም ናይ
ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።
እቲ ለበዳ፡ ካብ ኮንጎ ሓሊፉ ናብ
ኡጋንዳ፡ ኬንያን ናይጀርያን እውን
ልሒሙ ምህላዉ ይፍለጥ።

ሰሜን ኮርያ፡ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን
ብኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዝተኻየደ
ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ንዓኣ
ዒላማ ዝገበረ ንዩክሌሳዊ ልምምድ
ምንባሩ ብምግላጽ፡ ዓቕሚ ንዩክሌሳዊ
ምክልኻላ ከተደንፍዖ ቃል ከም
ዝኣተወት፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና
ናይታ ሃገር ሓቢራ።
ማዕከን ዜና ‘ከይ.ሲ.ኤን.ኤይ’
ኣብ ሓበሬታኣ፡ ሓላፊ ላዕለዋይ
ሰልፊ ሰራሕተኛታት ሰሜን ኮርያ
ኪም ጆንግ ሲክ፡ እቲ ወተሃደራዊ

ልምምድ፡ ኣመሪካ ንሃገሩ ናይ
ምድምሳስ ባህጋ ከም ዘይተቐየረ
ዘርኢ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተመሳሳሊ
መናውራታትን ታህዲዳትን ካብ
ዕለት ናብ ዕለት እናበኣሰ ይኸይድ
ምህላዉ ገሊጹ።
እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡
ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለ ዝኸይድ

ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ ደቡብ
ኮርያን ኣመሪካን፡ ሃገሩ ንዩክሌሳዊ
ዓቕማ ብቕልጡፍ ከተጎልብት ከም
ዘለዋ ዘመልክት ምዃኑ ኣረዲኡ።
ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን፡ ካብ 29
መስከረም ክሳብ 2 ጥቅምቲ 2026፡
እንተላይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ዘጠቓለለ
ሓበራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ
ምክያደን ኣይርሳዕን።